ሓዳስ ኤርትራ

መበል 28 ዓመት ቁ.241 ቀዳም 8 ሰነ 2019 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ዓይነት ጽግዕተኛ ጻህያይን ጒድኣቱን

ገጽ 5
መድሕን፡ ካብ ዝተፈላለየ ጉድኣት የድሕን!

ገጽ 6
ኣብ ጸጽባሕ ዝዓብን ዝጐልሕን ራእይ!

ገጽ 7
ምስጢር



ገጽ 9
ውድድር ንዋንጫ ቦቾፊላ ተዛዚሙ

ጋሽ-ባርካ - መነባብሮ ስድራ ስዉኣት ንምምሕያሽ ዝተበገሰ ፕሮጀክት ውጽኢት የርኢ

ስ/ ኣካል መብራህቱ

ኣብ ኣርባዕተ ንኡሳን ዞባታት ጋሽ-ባርካ፡ ስድራ ስውኣትን ጽጉማትን ተጠርኒፎም ኣብ ልምዓት ጀራዲን ብምስታፍ መነባብሮኦም ንምምሕያሽ ብመልክዕ ፕሮጀክት ዘተኣታትዎ መደብ ጽቡቕ ኣንፈት ሒዙ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

እቲ ብመኸተን ልምዓትን ምዕራባዊ ዞባ ዝእለ ዘሎ ናይ ልምዓት መደብ ከም መበገሲ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ፎርቶና - ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ በምቢና- ንኡስ ዞባ ሻምብቆ፡ ዓኖገሉ - ንኡስ ዞባ ባረንቱን ተኾምብያ - ንኡስ ዞባ ላዕላይ ጋሽን ዝሰላሰል ዘሎ ኮይኑ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፈን 20 ዜጋታት ተመዝጊቦም፡ ኣብ 10 ሄክታር ንጥፈታቶም ኣብጊሶም ከምዘለዉ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

ካብ ኣካየዲት ኮሚተ እቲ መደብ ኣቶ ፍራንኮ ኩብ፡ እቲ ብድምር ንኣስታት 80 ስድራ ስውኣትን ጽጉማትን ተጠቀምቲ ዝገበረ ናይ 40 ሄክታር ፕሮጀክት፡ መንግስቲ መሰረታዊ ናውቲ ብምምላእ፡ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ድማ ናይ ቀጥቋጥ ምምድማድን ምሽዓት ዒላታትን ኣበርክቶ ብምግባር ከምዝጀመሩዎ ገሊጾም።

እቲ ብጽቡቕ ኣንፈት ጀሚሩ ዘሎ ስራሕ፡ ኣብ ቀጻሊ ብዘተጸንዐ ኣገባብ ዝሰፍሕ ምኻኑ ዝሓበረ ኣቶ ፍራንኮ፡ ተጠቀምቲ ኑቲ ብመንግስቲ ተገይሩሎም ዘሎ ደገፍ ከም መበገሲ ወሲዶም ዝያዳ ክጽዕሩ ኣዘኻኺሩ።

በቲ መደብ መሰረት፡ ናይ ከባቢ ቢንቢናን ተኾምብያን ድሮ ብንኡስ መጠን ክጅመር እንከሎ፡ ናይ ፎርቶናን ዓኖገሉን ድማ ስርሓት ቀጥቋጥ ምምድማድን ምሽዓት ዒላታትን ተኻዪዱሉ ኣብ ምጅማር ከምዝርከብ ተፈሊጡ።

ኣብ ናይ ሎሚ-ዓመት ክረምቲ፡ ኣብ ኣርባዕቲኡ ፕሮጀክታት ዕወት ክረምታዊ ሕርሻ ክቶርድ ምእንቲ፡ ናይ ዘርእን ትራክተርን ሓገዝ ከምዝግበረሎም ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ኣብ ምዕራይ መስመራት ማይ ዝነጥፉ ዘለዉ ሰራሕተኛታት ተሞጒሶም

ስ/ ሮቤል መረስዕ

ኣብ 2004 ብማሕበር ዝተጠርነፉ 'ኤርትራውያን ተመላስቲ ዓዲ-እንግሊዝ፡ ኣብ ምዕራይ መስመራት ማይን ረሳሕ ፈሳስን ከተማ ኣስመራ ንዝነጥፉ ዘለዉ ሰራሕተኛታት፡ ናይ ምሳሕ እንግዶት ብምውዳብ ኣተባቢዖምዎም።

እቶም ዜጋታት ኑቲ መደብ ዝወደቡ፡ ነቶም ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ጀሚሮም ኣብ ከባቢ ማይ-ኣባሻውል ሻምብቆታት ረሳሕ ፈሳሲ ኣብ ምቕያርን ካናሊታት ኣብ ምጽራግን ዝርከቡ ኣባላት ፕሮጀክታት ዓዲ-ሃለው፡ ክፍሊ ማይ ዞባ ማእከልን ኩባንያ ኣስቤኮን ንምምስጋን እዩ።

እቶም ኤርትራውያን ተመለስቲ በቲ ኢጋጥሞ፡ ጸገም ዝስተ ማይ ንምፍታሕን ጽሬት ከተማ ኣስመራ ንምሕላውን ዝቶየድ ዘሎ ስራሓት ንኢዶም።

ሰራሕተኛታት ብወገኖም፡ ህዝቢ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ተመሳሳሊ እንግዶት እናገበረ ከተባብዖም ምጽንሑ ብምሕባር፡ ንኹሎም ምስጋና ኣቕሪቦም።

ዛዕባ ሱዳን - ናይ ሱዳናውያን

ኣካል ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ሃገራት ተፋሰስ ኒልን ቀይሕ ባሕርን ዝኾነት፡ ልዕሊ 1.86 ሚልዮን ትርብዒት ኪ.ሜ. ዝስፍሓታ፡ መስኩብ 40 ሚልዮን ህዝቢ፡ ረፓብሊክ ሱዳን፡ ድሕሪ ምፍላይ ደቡብ ሱዳን ብስፍሓታ ኣብ ኣፍሪቃ ሳልሰይቲ ተሰሪዓ እትርከብ ዓባይ ሃገር እያ። እቲ ዝውሕዝ ፈለግ ዓለምና - ኒል፡ ኣብ ክልተ ሰንጢቑዋ ዝሓልፍ፡ ገዚፍ ሕርሻዊን ማዕድናዊን ዕቑር ሃብቲ እትውንን ሱዳን፡ ብዘለዋ ጂኦግራፊያዊን ስትራተጂያዊን ኣቀማምጣን ባህርያዊ ጸጋታትን፡ ኣብ ጸጥታን ቁጠባዊ ምዕባለን እዚ ዞባ፡ ዓቢ ኣበርክቶ ክትገብር እትኽእል ሃገር እያ።

እዛ ጥንታዊ ናይ ስልጣነ ታሪኽን ሃብታም ባህሊን እትውንን ሃገር፡ ካብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን ጀሚርኩ፡ ብሰንኪ ፖለቲካዊን ምምሕዳራዊን መንቅቦትን ‘ዚ ዘቤታዊ ድኻምት’ዚ ዝመዝመዘ ቀጻሊ ግዳማዊ ምትእትታዋትን፡ ንነዊሕ እዋን ሰላምን ቅሳነትን ሓሪምዋ፡ መደባት ልምዓትን ዕብየትን ብዘልመሰ ሓደጋት ሃገር ብዘመቓቕለ ግጭታትን ፖለቲካዊ ቅልውላዋትን እያ ሓሊፋ። ብፍላይ ኣብዚ ዳሕረዋይ 30 ዓመታት፡ ሱዳን ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ እስላማዊ ግንባር፡ በቲ ክሳብ ምንጻል ደቡብ ሱዳን ዘስዓበ፡ ናይ ደቡብ፡ ምዕራብን ምብራቕን ኩናት ሓድሕድ፡ ውሽጣዊ ግጭታት፡ ጥሩፍ ኣተሓሳስባን ንሱ ዘስዓቦ ድሕረትን ኣብ ዝቐተለ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ሕሰም ተሸሚማ ምጽንሓ ርኡይ እዩ።

ነዚ ኩነት’ዚ ብምቅዋም፡ ህዝቢ ሱዳን ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ንለውጢ ክቃለስ ጸኒሑ እዩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ከኣ፡ ብምድግጋፍ ህዝብን ሰራዊትን እቲ ዝጸንሐ ስርዓት ካብ ስልጣኑ ተገሊፉ፡ እታ ሃገር ናብ ሓድሽ መድረኽ ኣብ ምስግጋር ትርከብ።

ኣብ ተሞኩሮ ከምዝተራእየ መሰጋገሪ እዋን፡ ዝበዝሐ ግዜ ልሙጽ ኣይኮነን። ብዓቕልን ስፊሕ ልቦናን እንተዘይተታሒዙ፡ ብደሆታቱ ከቢድ እዩ። እቲ ክሳብ ሕጂ ኣብ ህይወትን ንብረትን ወሪዱ ዘሎ ክሳራ ከኣ፡ ኣዝዩ ዘሕዝንን ክውገድ ዝኽእል ዝነበረን እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ሃዋህው፡ በቢዩኑ ዛዕባታት ዝተሓንገጡ፡ ግዳማዊ ምትእትታውን ክውንነት ዘየገናዝቡ ጸቕጢታትን እንተተወሲኹዎ፡ ክፈጥሮ ዝኽእል ሓልኪ ቀሊል ኣይኮነን። ብርግጽ ድማ፡ እቲ ምስ ቀውዒ ዓረብ ተኣሳሲሩ፡ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ተፈጢሩ ዝርከብ ሕንፋሽ ሃዋህው፡ ትምህርቲ ክቕሰመሉ ዝግባእ’ዩ።

እዚ ህሉው መሰጋገሪ እዋን እምበኣር፡ ንኣሕዋት ሱዳናውያንን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን ልዑል ንቕሓት፡ ልቦናን ጥንቃቐን ዝጠልብ ኣዝዩ ተኣፋፊ መድረኽ እዩ። መጻኢ ዕድል’ታ ሃገር ዝውስን ወሳኒ ታሪኻዊ እዋን ድማ እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነት፡ ሱዳናውያን፡ ልዕልን ቀዳምን ኩሉ ክሰርዕዎ ዝግባኦም፡ ሰላም፡ ርግኣትን ጥምረትን ሃገሮም ምዃኑ ብዕምቈት ተገንዚቦም፡ ካብ ጸቢብ ፖለቲካዊ ዕላማታትን ምዝይያድን ንላዕሊ ኣብ ጉዳይ ድሕነት፡ ምርግጋእን ልሙጽ ፖለቲካዊ ምስግጋርን ጸቒጦም ክሰርሑ ትጽቢት ይግበረሎም። ኣብ ትሕቲ ርጉእ ሃዋህው፡ ዕወት ናይ ምስግጋር መስርሕ ከተግብሩ እንተኾይኖም ከኣ፡ ንግዳማዊ ምትእትታዋትን ጸቕጢን ቅሉዓት ክኾኑ ኣይግባእን። ጸቡቕ ናይ ህዝቢ ሱዳን ዝምኒ ኩሉ ድማ፡ ሱዳናውያን፡ ጉዳዮም ባዕሎም ክፈትሑ ብሃናጺ ጽምዶ ክደጋገፍ ጥራይ ይግባእ።

መንግስቲ ኤርትራ ደጋጊሙ ከምዝገለጾ፡ ዘቤታዊ ጸገማት ብቐንዱ ብሱብ ጉዳይ’ዩ ዝፍታሕ። እቲ እንኮ ፍታሕ ንጉዳይ ሱዳን ድማ፡ ብሱዳናውያን ዝውሃብ ሱዳናዊ ፍታሕ እምበር ካልእ ኣይኮነን። ዘቤታዊ ፖለቲካዊ ዘይቅዱውነት ኮነ ውሽጣዊ ግርጭታት ምእላዋር ግን፡ ንጉዳያት ሓላሊኹ ናብ ዘየድሊ ኣንፈት ከምርሕ ዝኽእል እዩ። ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ሃውራዊ ናይ ግዜ ገደብ ብምውሳን ክገብሮ ዝጸንሐ ጸቕጢ ኮነ፡ ንዝተፈላለየ ዛዕባታት ብኣልኣት ወገናት ዝህቀን ምትእትታዋት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሱዳን እምበኣር፡ ሓጋዚ ኣይኮነን ጥራይ ዘይኮነ፡ ሓደገኛ ሳዕቤን ከህልዎ ዝኽእል እውን እዩ።

ስለዚ፡ ሱዳናውያን ንኹሉ ጉልቡብን ዘይጉልቡብን ግዳማዊ ምትእትታው ዕድል ብምኽላእ፡ ወገንቲ ጉዳዮም ባዕሎም ኮይኖም፡ ዘቤታዊ ፍታሕ ክናደዩሉ፡ ዘለናዮ ታሪኻዊ መድረኽ ሓላፍነት የሰክሞም እዩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ምሕዝነቱን ደገፉን ንህዝቢ ሱዳን ደጊሙ ንምርግጋጽ፡ ኣብታ ሃገር ብምብጻሕ፡ ምስ ሓለፍቲ ወተሃደራዊ ባይቶን መራሕቲ ሓይልታት ለውጢን ሓርነትን ዝተመያየጠ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ነዚ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ተደጋጊሙ ዝተገልጸን ንጹርን መርገጺ ኤርትራ ደጊሙ ኣገሊሒዎ ኣሎ። ዓወት ንሰላማዊ ምስግጋር ሓው ህዝቢ ሱዳን።

ኣብ ጸጽባሕ ዝዓብን

• • •

ካብ 6ይ ገጽ ዝቐጸለ

ህዙበና ከምግልእ ቀዳማይ ረኢይናዮ” ትብል ወይዘሮ ኣዜብ።

ኣቦቲ ከባቢ ዝርከቡ ማሕበራት ሓረስቶት ብፍላይ ኣብ እዋን ጾም ጸባኦም ዝዕድገሎም ሰለ ዘይረኽቡ፡ ክሳራ ይበጽሖም ነይሩ’ዩ። ሕጂ ግን ትካል ጸባን ውጽኢት ጸባን ኣዜብ መዐቀቢ መዝሓሊ ስለ ዘለዎ፡ ኣብ ዝደለዩዎ እዋን ጸባኦም ናብዚ ትካል’ዚ ብምሻጥ ካብ ክሳራ ድሒኖም ይርከቡ።

ንመማሊ እንስሳ ብዝምልከት፡ ‘ኣዜብ - ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ማሕበር’፡ ካብቶም ኣቦቲ ከባቢ ዘለዉ ሓረስቶት ዕፉን ይዕድግ’ዩ። ይኹን’ምበር፡ ኣኻሊ ስለ ዘይኮነ፡ ኣብ ጋሕቴላይ መሬት ሕርሻ ብምክራይ ዓደርን መሸላን ዘርኡ ጠለባት መማሊ ከብቱ የቃልል’ዩ። ብዘይካ’ዚ፡ ካብ ሓረስቶት ዓዲ ሰጉዶ’ውን ኣልፋ ኣልፋ ይዕድግ’ዩ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ድማ ኣብ ገዛ ላምዛ መሬት ሕርሻ ብምክራይ ኣልፋ ኣልፋ ዘሪኡ ይርከብ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ወላ’ኳ ብሰንኪ ዋሕዲ ዝናብ ብዙሕ ውጽኢት ኣይሃበ፡ ገና ደርሁ እናፍረያ ከሎ ዝተዓደለ 100 ሄክታር መሬት ሕርሻ ኣለዎ።

ኣብ ደረጃ ናይቲ ዘፍርዩዎ ጸባን ውጽኢቱን ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ዝደለዩዎ ሰዓት መጺኦም ከም ዝቈጻጸሩዎን ክሳዕ ሕጂ ዕገባት ምዃናምን ዝሓበረት ወይዘሮ ኣዜብ፡ “ካብ ዝደለዩዎ ፍርያት ከም ቅምሶ ወሲዶም ኣብ ላብራቶሪ ይምርምሩዎ’ዮም፡ ” ትብል።

ምስቲ ከም ብጺዮ፡ ወሉዳን መሳርሕታን ኩይኑ ካብ ጉድና ከይተፈልየ ኑቲ ትካል ዘካይድ ዘሎ ወሉዳ ኣብርሃም ብምዃን ሕልምታታ ከተግህድ እትቃለስ ዘላ ወይዘሮ ኣዜብ፡ ትካሎም ዓለማዊ ተወዳዳርነት ከጥሪ ምእንቲ መዓልታዊ ክሳዕ 30,000 ሊትሮ ጸባ ክምስርሕ ዝኽእል ፋብሪካ ኣብ ምህናጽ ከም ዝርከቡ ትገልጽ። ነዚ ንምትግባር ከኣ ብዐበዝሐ ኩቡቲ ከእትዉ መደብ ኣውጺኦም ይርከቡ።

“ኣቦይ ኩሉ ከም ዝኩኣል እናነገረ’ዩ ኣዕቢዩና። ጓለንስተይቲ ኣብ ውሽጣ ሓይሊ ከም ዘለዋን ዘይትገብሮ ከም ዘይብላን ከኣ ናይ ወትሩ ቃሉ’ዩ ነይሩ። እዚ ኣብ ኣእምሮይ ዓሚቝ ሰሪት ሐዙ’ዩ ኣብዚ ደረጃ’ዚ ኣብጺሑኒ” ዝበለት ወይዘሮ ኣዜብ፡ ሰላማውን ኣተባብዕን’ዩ ንዝበሉቶ ብዓል ቤታ ኢንጂነር ሚካኤል ጺጋይን ደቃ ኣብርሃም ሚካኤልን ኑብዩ ሚካኤልን ወትሩ ኣብ ጉድና ደው ዝበሉ ምዃኖም ትገልጽ። እዚ ይኹን’ምበር፡ ንሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ስለቲ ወትሩ ካብ ጉድኖም ከይተፈልየ ዝገበረሎም ምትብባዕ፡ ቤት ምኽሪ ንግዲ ኣስመራ፡ ኣውፊርቲ ደቃንስትዮ ንምትብባዕ ጽላል ብምዃን ዝገበሮ ዘሎ ጻዕሪ፡ ፕሮፌሰር ተስፋይ ሃይለ ኣብ ሰማፕ ኢንስቲትዩሽን ዝሃቦም ንማርኬትን ዝምልከት ስልጠና ምስጋናኣ ልዑል’ዩ።

ኣብ መጠረሽታ ገለ ክትብለና ሓቲትናያ ንወይዘሮ ኣዜብ ጺጋይ፡ “መገዲ ዓወት እናዝለልካ እትኸዶ ጉዕዞ ዘይኮነስ፡ ቀስ ብቐስ ብዓቕልን ትዕግስትን መድረኽ ብመድረኽ ዝሕኮር መንደቕ’ዩ” ብምባል ኣፋንያትና። ጸቡቕ ዕድል!

ግርማይ ኣብርሃም (ሃሳሴ)

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ኤርምያስ ገብረልዑል

ሺሃብ ኣርኣያ

ቊ.ስ 201820 (2214)

ፋክስ፡ 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ. 200454-07121322

ምልክታ

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳጶ. 1284

ለይ-ኣውት

ኤደን ሃብተኣብ

ሳምራዊት መለስ

ሰማያዊት ሓይለኣብ

ቤተልሄም ታደሰ

ሊድያ ስልጣን

ህዝቢ ን/ዞ/ቅሮራ፡ ንትግባረ መደባት ልምዓት ድልውነቱ የረጋግጽ

ነበርቲ ንኡስ ዞባ ቅሮራ፡ ኣብ’ዚ ፍረ ጸገዓትን ማስዋእትን ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ናይ ሰላም መድረኽ፡ ኣብ ከባቢኦም ኣብ ዝውጠን መደባት ብዕቱብ ንምውሳእ ድልውነቶም ኣረጋጊጾም።

እቶም ዜጋታት፡ ብሃገር ደረጃ - ኣብ ከበድ ናይ ብደሆ እዋን ንዝተተግበሩ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ብምጥቃስ፡ “ህዝቢ ኤርትራ ሰላም እንተረኺቡ፡ እንታይ ክሰርሕ ከምዝኽእል ንጹር መልእኽቲ ዘመሓላልፉ እዮም” ኢሎም።

ኣብ ከባቢኦም በብመድረኹን ከም ቀዳምነቱን ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክዋደድ ምጽንሑ፡ ኣብ ርእሲ’ቲ ካብ ፈለማ ዝተማልኣን ኣብ ምጥርናፎም ዓቢ ኣስተዋጽኦ ዝነበረን መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ ሕጽረት መጓዓዝያን መራኸቢታትን እውን ፍታሕ ረኺቡ ምህላዉ ሓቢሮም።

ሎሚ መደብ ERI-TV

ሰዓት	መደብ
09:00	ኤሮቢክስ
09:30	ሄሎ ቆልዑ
10:10	ዶክመንታሪ
10:00	ዘተ ስፖርት
11:45	ፓኖራማ
12:30	ዜና ትግርኛ
12:50	ሕጊ ንስኒትን ዕብየትን
13:30	ዜና ዓረብ
13:45	ተኸታታሊት ፊልም ሓረግ 6 ክፋል
14:30	ፋሉይ መደብ
15:30	መደብ ናትራን
17:30	ሳይዳ
18:00	ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ
19:00	ዳረት ቃና
20:00	ዜና ትግረ
20:10	ሄራር/ህድግ
21:00	ዜና ትግርኛ
21:25	ካብ ዞባታት
22:00	ዜና ዓረብ
22:10	ሙ/ድራማ
22:30	ዜና እንግሊዝ

ብካልኣይ መስመር ቴለቪዥን ኤርትራ ፊልም ሰዓት 09:00 ድ/ቀትሪ ኣሎ

ሰንበት

ሰዓት	መደብ
09:00	ፊዮሪና
10:00	ሄሎ ደባይዋ
11:45	ኣብዚ ሰሙን ‘ዚ
12:15	ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ ብቐጥታ
13:15	ፓኖርማ
14:00	ሞዛይክ
16:30	ፋሉይ መደብ
17:00	ማእገር
18:30	ህርመት
20:00	ዜና ትግረ
20:10	ተከታታሊት ፊልም ሮራ 8ይ ክፋል
21:00	ዜና ትግርኛ
21:25	ፍሉይ መደብ
22:00	ዜና ዓረብ
22:10	ሙ/ድራማ
22:30	ዜና እንግሊዝ

ብካልኣይ መስመር ቴለቪዥን ኤርትራ ሰዓት 9:00 ድ/ቀትሪ ፊልም ኣሎ

ሰኑይ

ሰዓት	መደብ
12:00	ደኩመንታሪ
12:30	ዜና ትግርኛ
12:50	ዕላል ጥበባት
13:30	ዜና ዓረብ
13:45	ሄራር/ሽኻት/ሸዕበት
14:20	SPORT HIGHLIGHTS
15:15	ሙ/ድራማ
16:05	ልዝብ መንእሰያት
16:45	ሕዋራት
17:00	ዜና ትግርኛ
17:20	ፍሉይ መደብ
17:30	ዜና ዓረብ
17:40	ዶክመንታሪ
18:25	ካብ ዞባታት
19:00	ደረት ቃና
20:00	ዜና ትግረ
20:10	ጩራ ጥዕና/ሕርሻን ሃብቲ ባሕርን
21:00	ዜና ትግርኛ
21:25	መደብ ስፖርት
22:00	ዜና ዓረብ
22:10	ኢድኣት
22:30	ዜና እንግሊዝ

ብካልኣይ መስመር ቴለቪዥን ኤርትራ ሰዓት 9:00 ድ/ቀትሪ ፊልም ኣሎ

ሕርሻን መግብን

ዳህላክ ነጋሲ

ዓይነት ጽግዕተኛ ጻህያይን ጉድኣቱን

ሕርሻዊ ንጥፈት ዕወት ምህርቲ ዝርከቦ ድሕሪ ብዙሕ ጻዕርን ድኻምን እዩ። እቲ ዕማም ካብ ምዝራእ ክሳብ ምህርቲ ምእካብ ኣዝዩ ብዙሕ ሰብኣውን ንዋታውን ዓቕሚ ይሳተፍ። ማእለያ ዘይብሉም ባህርያውያንን ደቂሰብ ዝጠንቀምን ጸገማት ብምግጣም ምህርቲ ይርከብ። ንኣብነት፡ ዋሕዲ ወይ ምምዝባል ዝናብ፡ መጥቃዕቲ ወረርቲ እንስሳታት፡ ሕማማት፡ ባልዓት፡ ጻህያይን ካልኦት ዝተፈላለዩ ማሕለኻታትን ብሰፊሕን ብመጠኑን የጋጥሞ።

ሎሚ ብዙሓ ኣብ ሕርሻዊ ቦታ ብምብቋል፡ ዘራእቲ ንዘዳለውዎ መግቢ ብምጥቃዕን ብምቕጻጽን ኣብ እቶታውነት ኣሉታዊ ጉድኣት ዘስዕቡ ጽግዕተኛ ጻህያይ ዝምልከት'ዩ ጽሑፍና። እንኳዕ ትዎ ዘለና ወቕቲ ክራማት ብቑሊ ዝዝረኣሉ እዋን ስለ ዝኾነ፡ ሓረስቶት ንኸሎ ኣብ ማሳርሕ ዘጋጥሞም ሸግራት ብኣግኡ ተገንዚቦም ምድልዋቶም ከጻፍፋን ጥንቃቐታት ከሐየሉን ይግባእ።

ሓሰፊ ኣሃዱ ሓለዋ ጥዕና ብቑሊ ኣብ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሓጎስ ሃይለ ብዛዕባ ባህርያት እቶም ጽግዕተኛ ጻህያይ፡ ዘጥቅዕዎ ዓይነት ዘራእቲ፡ ዝሮግሓሉም ኣብ መላእ ሃገር፡ ወሁድ ሜላ ምክልኻልን ንኸልእ ኣገደስቲ ነጥብታትን ኣመልኪቱ ዝሃቦ ሓበሬታ ይስዕብ።

ጽግዕተኛ ጻህያይ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገርና ብበበይኑ ኣስማት ይጽውዑ። ንኣብነት ንምጥቃስ - ጉልሒንጣ፡ መጸለም፡ ሓዊ-ዓይና፡ ቡዱ ... ብቛንቋ ትግረ ድማ ወስከላ ብዙባል ይፍለጡ።

ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት እያ። ከም መርኣያ ናይ'ዚ፡ ቀጻልነት ዘለዎ ቁጠባዊ ጻዕሪ ኣብ ምክያድ ትርከብ። ብቐስለንትናዊ ዕብየት ርእሳ ንኽትክእል ማሳርሕ ምዕቡል ሕርሻ እቶት ክመሓየሽ ይግባእ። እዚ ብስራሕ ንምትርጓም ተጋዳስነትን ጻዕርን ዝሓትት ኩይኑ፡ ዕላምኡ ዝወቅዕ ብዝያዳ ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈት ዝዋስኡ ሓረስቶት ኣፍልጦኦም ክሰፍሕ ምስ ዝኽእል እዩ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ ሞያውያን ክኢላታት ብምውፋር፡ ካብ ግራት ሓረስቶት ክሳብ ማሰልጠኒ ቸቐጣታት ብምውዳድ፡ ውሕስነት መግቢ ንምርግጋጽ ጻዕርታት የካይድ። ንኣብነት፡ ኣኣብ እዋኑ ዝተፈላለዩ ኣገደስቲ ጽሑፋት ብምድላው፡ ሓረስቶት ክፈልጥዎም ዝጥቀሙም ዕውት ሕርሻዊ ሜላታት ኣብ ምስፋሕ ይርከብ።

ኣብ ሃገርና ምህርቲ ማሽላ ቀንዲ መግቢ ዝጠቕሙ ህዝቢ እዩ። ከም ውጽኢቱ እቲ ብሰፊሕ ዝዝራእ መሬት ኤርትራ ማሽላ እዩ። እንተ'ኸኑ ሓዊ-ዓይና ወይ ጉልሒንጣ ብኻልእ መለለዪ ስም ዝፍለጥ ጽግዕተኛ ጻህያይ ዝርጋሐኡ ኣብ ሕርሻዊ ቦታ እናወሰኸ ይኸይድ ብምህላው፡ ብፍላይ ኣብ ብቑሊ ማሽላ ከቢድ ጉድኣት የስዕብ ኣሎ።

ሓደገኛ ጻህያይ ሓዊ-ዓይና ወይ ጉልሒንጣ ከይተገዝእን ከይጠፍኣን ውሕስነት መግቢ ክረጋገጽ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ፡ ንብደሆ ጽግዕተኛ ጻህያይ መፍትሒ ተረኺቡ ሓረስቶት ብዘይ ጸገም ምህርቲ ንኽሓፍሱ፡ 'ሓዊ-ዓይናን ሜላ መካላኸሊኡን' ዝብል ሓጺር ጽሑፍ ንኣንቡብ ምክልኻሉ ዝምልከት መወከሲ ተዳልዩ ይርከብ። ዕላማ እቲ ዝተዳለወ ጽሑፍ ንሓረስቶት ብዝርድኡዎ ኣንቡብ ብምድላው እኹል ኣፍልጦ ንምትሕልላፍ እዩ።

ኣብ ሳዕሲ. ከም ዝተጠቕሰ፡ ማሽላ እቲ ቀንዲ መግቢ ህዝቢ ኤርትራ ወላ'ኳ እንተ'ኸኑ፡ ሰንኪ ሓዊ-ዓይና ወይ ጉልሒንጣ ሓረስቶት ብዘይ መደብም ካልእ ዘርኢ ክቕይሩ ወይ'ውን ብጠቕላላ ምዝራእ ክገድፉዎ ይግደዱ ኣለው። ኣብ ሕብረተሰብና ሓዊ-ዓይና መካላኸሊ ዘይብሉ ሓደገኛ ጻህያይ ምዃኑ ዘመልክት ግጉይ ኣተሓሳስባ ኣሎ። ከም ሳዕቤኑ፡ እቲ ጻህያይ ብስፍሓት ኮነ ብጾዕቂ ንኽወሰኽ ኣተባቢዕዎ ይርከብ። ሓዊ-ዓይና ብሓደ ዓይነት መካላኸሊ ሜላ ክጠፍእ ዝኽእል ኣይኮነን። ይኹን'ምበር፡ ዝተፈላለዩ ሜላታት ብምውህሃድ ክቡዓህ ይኽእል።

ጽግዕተኛ ጻህያይ (Parasitic Weed)፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ኣትክልቲ ዝሓቕፍ ኩይኑ፡ ከም ብዙሒ ዓይነቶም ኣብ ዘራእቲ ምሉእ-ብምሉእ ወይ ብኸፊል እናጥቅዑ ጉድኣት የስዕቡ። ከም ባህሪ እቲ ጻህያይ ብንብረ ርእሱ ምሉእ-ብምሉእ ወይ ብኸፊል መግቡ ኩዳሉ ዘይክእል ዓሌት እዩ። እቲ ተኽሊ ምስ ካልኦት ዘራእቲ ብምጽጋዕ ንዕኦም ዝተዳለወ መግቢ እናተቓጸጸ ዝነብር እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ፍሉይ ዓይነት ብቑሊ ይመርጽን ብዘይኣ ኣብ ዝሓረሰ ዘርኢ ክነብር ኣይክእልን። እቲ ጽግዕተኛ ጻህያይ ኣብ ክልተ ይኸፈል፡

<u>ሀ) ምሉእ-ብምሉእ ጽግዕተኛ (Complete Parasite)</u>፡ እዚ ዓይነት ጻህያይ ምሉእ-ብምሉእ መግቡ ባዕሉ ኩዳሉ ዘይክእል እዩ። ብኣብነት ዝጥቀሱ ክልተ ዓይነታት ጻህያይ ይሓቑፍ።

I. ካሽኩታ (Cuscuta Spp)

ካሽኩታ ኣብ ገለ ከባቢ ሃገርና 'ድቓላ ገረብ' ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ ጽግዕተኛ ጉንዲ ብጭላው ዝበለ ሕብሪ ኣለዎ። ኣብ ኣልፋ-ኣልፋ፡ እንግጠሐ፡ ዝሁግ፡ ሽጉርቲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣግራብ ጋቤ ጫዕንደግ፡ ሐሓትን ካልእ ዘራእትን የጥቅዕ። ነቲ ብቑሊ ወይ ገረብ ከም ቀጠን ሰልኪ ጠናኒጉ ብምሓዝ፡ ካብኡ እናተመገበ ንፍርያምነት ዘርኢ ዘጥቅዕ እዩ።

II. ጉልሒንጣ (Orobanche Spp)

እቲ ዓይነት ጻህያይ ኮሚደረ ጉልሒንጣ ዝበሃል ኩይኑ፡ ዝበዝሕ እዋን ምስ ኮሚደረ ተጸጊዑ ዝበቍልን ዝዓብን እዩ። እቲ ተኽሊ ቈጽለዋይ ሕብሪ ዘይውንኑ፡ ልስሉስ ጉንድን ቀይሕ ሓውሲ ብጫ ሕብርን ኣለዎ። ጉልሒንጣ ኣብ ዝበዝሐ ከባቢ ሃገርና ምሕር ኣብ ኮሚደረ ዝርከብ ወላ'ኳ እንተ'ኸኑ ኣብ ካልኦት ዘራእቲ'ውን ይረኣ። ንኣብነት፡ ኣብ ትንባኾ፡ መለንዛናይ፡ ድንሽ፡ ባልደንጓ፡ ሱፍን ሰድራ ዱባን እውን ብዘይ ንሕሰያ ጉድኣት የስዕብ።

<u>ለ) ሓውሲ ጽግዕተኛ (Semi Parasite)</u>

እቲ ጽግዕተኛ ጻህያይ ብኸፊል መግቡ ባዕሉ ኩዳሉ ይኽእል። እቲ ጻህያይ ካብ ሰራውር ብቑሊ መግቢ ይወስድን የጥቅዕን። ንኣብነት፡ ሓዊ-ዓይና ዝበዝሐ ግዜ ማሽላ በዚ ዓይነት ጽግዕተኛ ጻህያይ የጥቅዕ።

ጻህያይ ሓዊ-ዓይና ትሮፒካዊ ክሊማ ዝያዳ ዝሰማማዖ ኩይኑ፡ ኣብኡ ብቐሊሉ ዝበቍል ዓሌት እዩ። ኣብ'ቲ ክሊ. ዝርከባ ሃገራት ኣፍሪቃን ኤስያን ብቐጻሊ ዝያዳ ካልኦት ምሕር ጉድኣት የጋጥመን። ሃገርና ኤርትራ እውን ኣብ'ቲ ዝተጠቕሰ ዞባ ስለ ትርከብ፡ ሓዊ-ዓይና ብፍላይ ኣብ ዘርኢ ማሽላ ጠንቂ ምጉዳል ምህርቲ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ።

ዊሎጂያዊ ስርዓት ሓዊ-ዓይና ዝተፈላለየ ባህርያት ዘጣመረ እዩ። ገለ ካብ'ቲ ዝልለየሉ ነጥብታት ንምጥቃስ፡ ምስ ዓይነት ስክሮፉላሪሳኤ (Scrophulariaceae) ይምደብ። ብኸፊል መግቢ ባዕሉ ኩዳሉ ይኽእል። ብተወሳኺ'ውን፡ ሓዊ-ዓይና ካብ 50-60 ጆር (Species) ዘጠቓልል ኩይኑ፡ ኩላቶም ከኣ ጽግዕተኛታት እዮም። ምስ ዑደት ህይወቶም ኣብ ዓመት ዝውድኡ ዕጸዋት ኣትክልቲ ይምደብ።

ከምኡ'ውን፡ ብዙውንና ሕብሪ ቈጽለዋይ ምዃኑ ይፍለጥ። እቶም ኣብኡ ዝርከቡ ዕንበባታት ከም ዓሌቶም ዝተፈላለየ ሕብሪ ኣለዎም። ገለ ካብ'ኣቶም ብሩህን ሃሳስን ሮዛ ቀይሕ፡ ጻዕዳን ብጫን ይውንኑ።

ኣብ ርእሲ'ዚ እውን ካልእ ዝልለዩሉ ባህሪ፡ ሓደ ሓዊ-ዓይና ኣዝዩ ደቂቕ ኣሰታት 200 ማይክሮን ዝዓቐኑ ልዕሊ 40,000 ዝበዝሑ ጸለም ሕብሪ ዘውንን ፍረ የፍሪ። ፍረ ሓዊ-ዓይና ዋላ'ውን እኹል ጠሊ ኣብ ሓመድ እንተረኺቡ፡ ዘጽግዖ ብቑሊ ከም ማሽላ ዝኣመሰለ እንተ ዘይረኺቡ ከይበቘለ ኣብ ሓመድ ዛጊት 20 ዓመት ብህይወት ክጸንሕ ይኽእል።

ብተወሳኺ፡ ሓዊ-ዓይና ድሕሪ ምብቋሉ ኣብ ውሽጢ 25-30 ዘሎ መዓልቲ ዓብዩ ፍረ የውጽእ። ስለዚ፡ ቅድሚ'ቲ ዘጽግዖ ብቑሊ ኣኺሉ ፍረ ስለ ዝሁብ፡ እቲ ጽግዕተኛ ጻህያይ ዑደት ዕድሚኡ ወዲኡ ይትቅጸን ፍረ የርግፍን።

ኣብ'ቲ ሰንጠረጅ ሰፊሩ ከም ዘሎ ምልክት፡ ንኣብነት xxx ብልዑል ደረጃ ዘጥቃዕ ዓይነት ዘራእቲ ይገልጽ። ቀጺሉ፡ ክልተ xx ምልክት ዝሓቑፈ እንተ ኾይኑ ድማ፡ ብማእከላይ ደረጃ ከም ዘጥቅዖ ይጠቅስ። ሓንቲ ምልክት ማለት x ምስ ዝኸውን ብመጠኑ መጥቃዕቲ ከም ዘለዎ ይሕብር። ጸለም መለለዪ እንተ ኾይኑ ግን፡ ዘይጥቅዖ ዓይነት ምዃኑ የመልክት።

ኣብ'ዚ ጽሑፍ ኣተኲሮ ተገይሩሉ ዘሎ ነጥቢ፡ ኣብ ሃገርና ብዝርግሐን ጸዕቅን ዘውርዶ ጉድኣት ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስራዕ (Striga hermontica) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዓሌት ሓዊ-ዓይና ጽግዕተኛ ጻህያይ ኩይኑ፡ ንዘርኢ ማሽላ ብቐንዱ ጉድኣት የውርድ።

ኣብ'ቲ ሰንጠረጅ ሰፊሩ ከም ዘሎ ብጀስኖሪይድ (Striga gesneriodes) ዝፍለጥ ጽግዕተኛ ጻህያይ፡ ቀንዲ ንጥረታት የጥቅዕ፡ ብፍላይ ኣብ ኣዳጉራ፡ ትንባኾን ምቑር ድንሽን ጉድኣት የስዕብ።

ጻህያይ ጽግዕተኛ ኮንቮልቮል (Convolvulacea) ኣብ ሃገርና ዘይነበረን ዘይፍለጥን እዩ። ካብ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ጀሚሩ ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቅን ጎልጅን ኣብ ብቑሊ ሰምሰምን መዓንጣ ጠልን ከም ዝተረኽበ ተፈሊጡ ኣሎ። እቲ ጻህያይ ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ውሱን ቦታ ስለ ዝርከብ፡ ግና ከይማዕበለን ከየስፋሕፍሐን ሕብረተሰብ ብፍላይ ሓረስቶት ንኽፈልጥዎ ጸዑቕ ኣሰሳ ብምክያድ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንኽኣቱ ሓጊዚ እዩ።

ይቕጽል

ሓዊ ዓይና ምስ ቡቑሊ ማሽላ

ተ/ቁ	ዓሌት ሓዊ-ዓይና	ዓይነት ዘራእቲ						
		ዕፉን	መሸላ	ዳጉሻ	ብልቱግ	ሩዝ	ቃንጫ ሸኮር	ኣዳጉራ (ጥረታት)
1	ስትራይጋ ሄርሞንቲካ (S.hermonthica)	xxx	xxx	Xxx	Xx	xx	Xx	◆
2	ስትራይጋ ኣስያቲካ (S.asiatica)	xxx	xxx	Xx	Xx	xx	X	◆
3	ስትራይጋ ኣስፔራ (S.aspera)	xx	X	X	◆	xx	X	◆
4	ስትራይጋ ፎርቦሲ (S.ferbosi)	xx	xx	◆	◆	◆	Xx	◆
5	ስትራይጋ ደንሲፍሎራ (S.densiflora)	◆	xx	◆	X	x	◆	◆
6	ስትራይጋ ጀስንራይድስ (S.gesneriodes)	◆	◆	◆	◆	◆	◆	Xx

ገለ ካብ ቀንዲ ዓሌት ሓዊ ዓይና ዝመርጾ ወይ ዝጽግዖ ብቑሊ

ሽባብ

ሃማመተኤ

ጋሻ ሽባብ

“ብቕዓት ኣብ ጥርናፈን ምምልካእን እዩ ዘሎ።”

– መንእሰይ ኢንጂ. ኢፕትሳም ሑሴን

ኢፕቲሳም ሑሴን እያ ትበሃል። ብ1994 ኣብ ኣስመራ ተወሊዳ ኣብ ኣስመራ ድማ ዓብያ። ኢፕቲሳም ዕድሚኣ ንትምህርቲ ምስ በጽሐት ኣብ ዝተፈላለዩ ቤት ትምህርትታት ካብ ቅድመ ትምህርቲ ጀሚራ ክሳብ ናይ 11 ክፍሊ ደረጃ ብደረጃ ተኸታቲላ። ብ2010 ድማ ምስ 24 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጉቡኣ ንምፍጻምን ናይ 12 ክፍሊ ትምህርታ ንምክትታልን ንሳዋ ወሪዳ። ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና ብዘምጸኣቶ ልዑል ነጥቢ ድማ ብ2011 ናብ ማይ-ነፍሒ ኮሌጅ ኢንጂነሪንግ ተጸንቢራ። ኣብ ኮሌጅ ማይ-ነፍሒ ድማ ንሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ዓውዲ ኮምፒዩተር ኢንጅነሪንግ ብምጽናዕ ናይ ኮሌጅ ትምህርታ ዛዚማ። ብ2017 ድሕሪ ናይ ሓደ ዓመት ኣገልግሎት ብዓውዲ ኮምፒዩተር ኢንጅነሪንግ ተመሪቓ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ ጎድኒ ጎድኒ'ቲ ንህዝባን ሃገራን እትህቦ ዘላ ኣገልግሎት ዝተፈላለዩ ሶፍትዌራት ብውልቃን ብጉጅለን እናኣፍረየት ጸገማት ሕብረተሰብ ከተቃልል እትቃለስ ዘላ ህርኩትቲ ጓል ኣንስተይቲ እያ። ንሎሚ እምበኣር ብዛዕባ እቶም ዘፍረየቶም ዝተፈላለዩ ሶፍትዌራትን ካልእ ውልቃዊ ጻዕርታታን ኣተኩርና ዕላል ኣካይድና ኣለና ሰናይ ምክትታል።

• በሊ ዕላልና ክንጅምር። ፍልይቲ ስም'ያ ዘላትኪ። ኢፕትሳም እንታይ ማለት'ዩ፧

- ፍሽኽታ ማለት እዩ።

• ኣቦታትናስ ትም ኢሎም ኣይኮኑን 'ስም ይመርሕ ጥዋፍ የብርህ' ኢሎም። ካብ ንላለ ጀሚርና ከም ዝተዓዘብክዮ፡ ናይ ብሓቂ ምሳኺ ትሰማማዕ ስም'ያ። ስለምንታይ ኮምፕዩተር ኢንጅነሪንግ መሪጽኪ ትኸዲ፧

- ንእሽተይ ከለኹ፡ ሰባት ብኮምፒዩተር ቀልጢፍ ቀልጢፍ ኢሎም ክጽሕፉ ክርእዮም ከለኹ ብጣዕሚ እየ ዝምሰጥ ነይረ። ኩሉ ግዜ እየ ድማ ከምኦም ክኸውን ዝደሊ ነይረ። ብፍላይ ምስ ኣደይ ንስርሓ ክኸይድ ከለኹ፡ እቲ ናይ ኣይቲ (IT) ክኢላ ናይቲ ስራሕ ኣመና እዩ ዝምስጠኒ ነይሩ። ምስኡ ድማ ናብ ዝኸዶ እንቀሳቐስ ነይረ። ከም ዝመስለኒ እዞም ንኣሽቱ ዝመስሉ ነገራት እዮም ናብ ተምሳጥ የእትዩምመኒ። እናዓበኹ ምስ ከድኩ ኮምፕዩተር እንታይ እንታይ ከም ዘጠቓልል ክፈልጦ ምስ ጀመርኩ ዝያዳ እናፈተኽዎን እናበሃግክዎን መጺኤ።

• ቅድሚ ቀሩብ እዋን ኣብ 'startup grind x/asmera' ዝበሃል ዌብሳይት ምሳኺ ዘላሊ ትሕዝቶ ወጺኡ ነይሩ። ብኸመይ'ዩ፧

- እቲ ዌብሳይት ኣዝዩ ፍሉጥን ዓለም ለኻውን ዌብሳይት ኮይኑ ኣብ ኣስመራ ድማ ጨንፈር ዘለዎ እዩ። እዚ ዌብሳይት ክሳብ 2 ሚልዮን በጺሑቲ ዘለውዎ ህቡብ ዌብሳይት እዩ። ንዝተፈላለዩ ኣብ ዓውዲ ቴክኖሎጅን ሓሳባትን ፍሉይ ኣበርክቶ ንዘገበሩ መንእሰያት ምስ ዓለም ንኸላልዩን መወልቲ ንኽረኽቡ ዝሕግዘን ዌብሳይት እዩ። ወርሒ ግንቦት ኣብቲ ዌብሳይት ወርሒ ደቂ ኣንስትዮ መሃዙቲ ተባሂላ እያ ትፍለጥ። በዚ ምኽንያት ድማ እቲ ኣብ ኣስመራ ዝመደበሩ ናይዚ ዓቢ ዌብሳይት ኣባል ዝኾነ 'startup grind x/asmera' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዌብሳይት ዓዲሙ ኣዘራሪቡኒ ነይሩ። ምስቶም ኣብቲ ኢጋጥሚ ዝተዓደሙ ሰባት ድማ ስርሓተይ ከላሊ በቒዐ ነይረ። እቲ ኣብቲ ገጽ ዝረአኽዮ ድማ ጽማቕ ናይቲ ኣብ ቅድሚ ተዓዚቡቲ ዝገበርክዎ ዕላል እዩ።

• በሊ ናብቶም ዘፍረኽዮም ፍርያት ክንምለስ። ንመጀመርያ ግዜ ዘፍረኽያ ስራሕ እንታይ እያ ነይራ፧

- እታ ናይ መጀመርያ ዘፍረኽዋ ስራሕ እታ ኣብ 4ይ ዓመት ምስ ደቂ ክፍለይን ደቂ ጉጅለይን ኮይነ ዘፍረኹዋ ስራሕ እያ። እታ ስራሕ ምስ ካልኦት ሓሙሽተ ደቂ ጉጅለይ ኳንና ኢና ሰሪሕናያ። እታ ስራሕ ድማ 'ኢዚ ኤራተል' ትብሃል ኮይና ኣብ ምድዋል፡ ሕሳብ ኣብ ምእታው፡ ሕሳብ ኣብ ምስግጋር፡ ኣገደስቲ ተለፎናት ኣብ ምምዝጋብ እትሕግዘን እተቃልልን ስራሕ እያ ነይራ። እታ ኣፕሊኬሽን እንተ ድኣ ኣላትካ ቀጽርታት ናይ ዝተፈላለዩ ኣገልግሎታት ምዝኻር ከማን ኣየድልየካን እዩ።

• ኣብዛ ስራሕ ካብ ተጠቀምቲ ዝመጸኩም ግብረ መልሲ ከመይ ትዝክርዮ፧

- ኣብቲ መጀመርያ ኾዛ ሓሳብ ሒዝና ናብቲ ኣማኻሪና ኮይኑ ዝተመዛዘልና መምህር ምስ ከድና ዘይተጸበናዮ መልሲ ኢና ረኺብና። እዛ ሓሳብ ብዙሕ ስውጢ ከተምጽእ ዘይትኽእል ሓሳብ'ያ ብምባል ኣቃሊልዋ። ናይ ብሓቂ ድማ ኣብቲ እዋን ክሳብ ንምቕያራ ዝተደናደልናሉ እዋን ነይሩ። እቲ ግዜ ሓጺር ስለ ዝነበረ ግን ትም ኢልና ንስራሕ ብምባል ቀጺልናያ። ኣብ መዛዘሚ ድማ ኣብጺሕናያ። ብልክዕ ናይ ታህዋኽ ስራሕ ብምንባሩ ኩሉ ዝግልኦት እያ ክትብላ ተሸግር እያ። በታ ዝነበረታ ደረጃ ግና ኣዝዮም ብዙሓት ሰባት ክጥቀሙላ ክኢሎም እዮም። ጽቡቕ ርኢቶታት ድማ ረኺብናላ ኢና። ዝያዳ ኣተኩሮ ዝረኸበት ስራሕ እንተ ትኩን ግና ርግጸኛ እየ ብዙሕ ሽግራት ከተቃልል እትኽእል ስራሕ እያ ነይራ።

• ድሕሪኡ ዘፍረኽዮ ስራሕ እንታይ እዩ ነይሩ፧

- ድሕሪ'ዛ ስራሕ እዚኣ እውን ብጉጅለ ደረጃ ዝሰራሕክዋ ስራሕ እያ ነይራ። ምስዛ 'ኢዚ ኤራተል' ዝሰርሐት ጉጅለ ማለተይ እዩ። ኣብ መውዳእታ 5ይ ዓመት ዝሰራሕክዋ ኮይና ሕሙማት ብዘይጸገም ምስ ሓኪይም ዝረዳድእሉ ባይታ እትፈጥር ስራሕ እያ ነይራ። ንኣብነት ሓደ ሕሙም ነርስ ክጽውዕ እንተደልዩ ብመንገዲ እዛ ምስ ጉጅለይ ኮይና ዘማዕበልናያ ስራሕ ገይሩ ክጽውዕ ይኽእል እዩ።

• ኣብ እዋን ፕሮጀክት ምስራሕ ብፍሉይ ትዝክርዮ ኣጋጣሚ እንተ'ሎ ከተዕልልና፧

- ኣብታ ናይ ሓሙሻይ ዓመት ስራሕና 'ራስፐሪፓይ' ዝበሃል ንብረት ኣምጺእና ነይርና። ኣብ ስራሕና ዝጠቅም ማለተይ እዩ። ኣብ ባይታ ግና ከም ዝተጸበናዮ ኣይጸናሓናን። ምስራሕ ምስ ኣበየና ናብ ኣገልግሎት ኢንተርነት ክንረኽበሉ እንኽእል ቦታ ማለት ናብ ኣስመራ መጺእና ንሰርሕ ነይርና። ኣብ ሞንጎ ክሰልችወና ከሎ ቀጺሊ ኣዋጺእና በርገር ገዚእና ንበልዕ ነይርና። እቲ ኣብቲ ህሞት ዝነበረ ሰሓቕን ጸወታን ድማ ክሳብ ሕጂ ኣይርስዖን እየ።

• ብውልቅኺ ዘማዕበልክዮም ስርሓት'ከ ከመይ ይመስሉ፧

- ክሳብ ሕጂ ብውልቀይ ዝሰራሕክዎም ፍርያት ኣብ ዌብሳይት ዘተኮሩ እዮም። ብቑጽሪ'ውን ብዙሓት ኣይኮኑን። ሓይለይ ብጉጅለ ኳንካ ዝበለጸ ስራሕ ምብርካት እዩ። ኣብ ጥርናፈ እየ ዝኣምን። ብቕዓት፡ ኣብ ጥርናፈን ምምልካእን እዩ ዘሎ።

• ጽቡቕ እምነትን መረዳእታን እዩ። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኤክስፖ ምስ ፍርያትኪ ከተሳልፍዮ ከለኺ ተራኺብና ነይርና። እቲ ሽዑ ሒዝክዮ ዝመጻኺ ፍርያት ብዛዕባ እንታይ እዩ ነይሩ፧

- ኣብ ኤክስፖ ንሌላ ኣምጺእናየን ዝነበርና ፍርያት ሰለስተ ኣፕሊኬሽናት ኮይነን ምስ ተሰፋኣለም በላይ ዝበሃል ናይ ኮምፕዩተር ክኢላ ኳንና ዘማዕበልናየን እየን። ሓንቲ ካብዘን ኣፕሊኬሽናት ምስ ትምህርቲ መኪና ትተኣሳሰር እያ። እታ ብመጽሓፍ እትዳሎ ናይ ሚኒስትሪ መጓዓዝያ መምሃሪ ብኣፕሊኬሽን ብምድላው ብዙሓት ሰባት ተጠቀምቲ ንኽኾኑ ኣብቂዕናያ ኣለና። ከም ተወሳኺ'ውን ብዙሕ ንጥፈታት ክተካይደላ ትኽእል ኢኻ። ባዕልኻ ፈተና ክትፍተነላ'ውን እትኽእልን ካብ ተወሳኺ ወጻኢታት እተድሕንን ብምዃና እቲ ካልእ ብልጫኣ እዩ።

እታ ካልኣይቲ ኣፕሊኬሽን ድማ ምስ ምሻጥ መጽሓፍቲ ትትኣሳሰር እያ። ኣብ መጀመርያ እቲ መሳርሕተይ ኣብ ዕለተ ልደተይ ከም ህያብ ኢሉ እዩ ኣዳልዩዋ። ማለት ኑቲ ኣነ ዝሰርሖ ምቁር ሕብስቲ (ኬክ) ንመሸጢ መታን ከተገልግለለይ ኢሉ ከም ህያብ ሂቡኒ። ካብኡ ተበጊስና ድማ ኣማዕቢልናያ። ሕጂ ድማ ንኽልቲኡ ማለት ንመሸጢ መጽሓፍን ኬክን ንጥቀመላ ኣለና ማለት እዩ። ንኣብነት ሓደ ተጠቃሚ እታ ኣፕሊኬሽን ኣብ ሞባይሉ ይጽዕና። ዘሎ ዓይነት መጽሓፍቲ ይኹን ኬክ ድማ ኣብታ ኣፕሊኬሽን ብምእታው ክርእዮ ይኽእል። ኣብቲ ትሕዝቶ ናይታ ኣፕሊኬሽን ደስ ዝበሎ ነገር እንተሃልዩ በታ ኣፕሊኬሽን ገይሩ ይእዝዝ። ምስ ትእዛዙ ምሉእ ኣድራሻኡ ድማ ይጽሕፍ። በዚ መሰረት እታ ኣፕሊኬሽን ብመገዲ መሴጅ (massage) እቲ መልእኽቲ ናባይ ትሰዶ እሞ ኣነ ድማ እርእየ።

እታ ሳልሰይቲ ድማ 'ናይ ኤርትራ የለው ፔጅ' እያ ትበሃል። 'የለው ፔጅ' ማለት ኣገደስቲ ሓበሬታት ክሕዝ ዝኽእል ማህደር ማለት እዩ። ኣብ ዝኾነ ሃገር እንተ ኬድካ ነናተን ኣገዳሲ ሓበሬታት ዝሓዘ ማህደር ኣለወን። ኣብ ሃገርና ግን ከምዚ ዓይነት ማህደር የብልናን። ቅድም ኣገደስቲ ቀጽርታት ቴለፎን ዝሓዘት መጽሓፍ ነይራትና እያ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ግና ዘላ ኣይመስለንን። ብሓፈሻ ኣብዛ ስራሕና ኣካቲትናዮ ዘለና ነገራት ክንርኢ እንተ ኾንና ኣገደስቲ ቀጽርታት ተለፎን ካብቲ ዘለኻዮ ዝቐረበ መዛናግዒ ቦታታት፡ ድኳናት፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ካልኦትን ዘጠቓለለት እያ።

• ሓደ ፕሮግራመር ብሉጽ ክበሃል እንተኾይኑ ክማልኦም ዘለዎም ነጥብታት፧

- ብናተይ መረዳእታ ኣዝዮም ብዙሓት ረቛሒታት እንደዮም ዘለዉ። ሕጂ ግና ካብቶም ኣገደስቲ ነጥብታት ዝበሎም ክገልጸልካ እየ። ቀዳማይ ነገር ኑቲ ስራሕ ከም ሞያ ርእዩ ብዙሕ ግዜ ክህቦን ብወንን ተወፋይነትን ድማ ክሰርሓሉ ይግባእ። እዚ ምስ ኣማልአ ድማ ተዓጻጻፍን ጥቡብ ዘለዎን ሰብ ክኸውን ዝምረጽ እዩ። ምኽንያቱ ፕሮግራም ምግባር ምስ ኩዓት ምዝራብ ስለ ዝኾነ ብዙተኻእለ መጠን ጥቡብ ዘለካን ትኩርን ክትከውን ዝምረጽ እዩ። ብዓብኡ ግና ሓንቲ ክትፍታሕ ዘለዋ ሸግር እንተ ኣጋጢማቶ ከይፈትሓ ዘይድቅስ ሱብ ክኸውን ኣለዎ። ምኽንያቱ ፕሮግራም ብዙሕ ተወፋይነትን ትኩርነትን ስለ ዝሓትት። ሓሳባት ሰባት ዝሰምዕ ምስ ዝመጹ ምዕባለታት እናተቓልዐ ዝኸይድ ዓይነት ሱብ ክኸውን ድማ ዝያዳ ተመራጺ እዩ።

• ካብ ተመኩሮኺ ምስ ሰባት ሓቢርካ ምስራሕ ዘለዎ ጥቕሚ ክትገልጽልና፧

- ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ኣቓዲመ'ውን ክጠቕሶ ፈቲነ ነይረ እየ። ዝኾነ ዓውዲ መውዳእታ የብሉን። ክሳብ ዝፋዕካ ንፋዕ ኣብ ሓደ ነገር ናይ መውዳእታ ብቕዓት ክትበጽሕ ኣይትኽእልን ኢኻ። ስለዚ ኑቲ ከም ሱብ ዘለካ ሃጓፍ ብምትሕብባርን ምትሕግጋዝን ኢኻ ትምልኦ። ምስ ሰባት ኳንካ ምስራሕ ኣብ ስራሕካ ስሉጥነት ከም ዝህልወካ ይገብረካ፡ ንሓንቲ ነገር ጠሚትካዮ ብዘይትፈልጥ ማእዝን ከም እትጥምታ ይገብረካን ካልእን።

• ዝኺ ሒዝክዮ ዘለኺ ሞያ ብኸመይ መንገዲ ከተዕብይዮ ትሓስቢ፧

- እዚ ሒዘዮ ዘለኹ ሞያ ቀሊል ሞያ ኣይኮነን። ኣብ መጻኢ ድማ በዚ ሞያ እዚ ጸገማት ሕብረተሰበይ ክፈትሕ ተሰፋ እገብር። ከም ዕላማ'ውን ተበጊሰሉ እየ። ምስ መሳርሕተይ ተሰፋኣለም በላይ ብምዃን ፍርያትና ናብ ህዝቢ ከነበጽሓላ እንኽእል 'Tes IT Solution' ዝበልናያ ዓቕምና ትካል ከፊትና ኣለና። እዛ ትካል ምስ ግዜ እናዓበየት ክትከይድን ድሌታትና ከተማልእን ድማ ተሰፋ ንገብር።

• ኬክ ከኣ ትሰርሒ ኢኺ፧ ብኸመይን መዓስን ኢኺ ለሚድክዮ፧

- እቲ ኣነ ዝሰርሖ ኬክ 'ካፕ' ኬክ እዩ ዝበሃል። ኣብ ሃገርና ብዙሕ ልሙድ ኣይኮነን። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ግና ፍሉጥን ህቡብን ዓይነት ምቁር ሕብስቲ እዩ። 'ካፕ' ኬክ ንሓደ ሱብ ጥራይ ዝዓሎ ኮይኑ ናቱ መትሓዚ ድማ ኣለዎ። ብዛዕባ ኣጀማምራይ እንተኮይኑ፡ ኣነ ኬክ ኣዝየ ዝፈቱ ዓይነት ሱብ ብምዃነይ ድሌታተይ ባዕለይ ንምምላእ ኢለ እየ ጀሚረያ። ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ኬክ እትሰርሕ ጓል ሓወቦይ ስለ ዝነበረትኒ ምስኣ እናኸድኩ ብዙሕ ተማሂረ። ድሓር ድማ ብናተይ ጻዕሪ እዚ ካፕ ኬክ ኢልና ንጽውዖ ዘለና ኬክ ክሰርሕ ጀሚረ። ድሮ ከማን ስራሐ ምሻጥ ካብ ዝጀምር 3 ዓመት ገይረ ኣለኹ። ዳርጋ ኩሉ ዝሰርሖ ኬካት ብመንገዲ ኣፕሊኬሽነይ ብዝመጽኒ ትእዛዝ እየ ዝሰርሕ።

• ግዜ ከመይ ገይሩ ይኣኽለኪ፧ ወይ ብኸመይ ተካውንዮ፧

- ድሓን እዩ። ኩሉ ነገር ገምዚሉ እንተ ሂብካዮ ዘጸግም ነገር ዘሎ ኮይኑ ኣይስመዓንን እዩ። ኣነ ድማ ዝሰርሖ ኬክ ትእዛዝ ክመጸኒ ከሎ ቅድሚ ስራሕ ንግሆ ተሲኣ ወይ ድማ ካብ ስራሕ ምስ ኣተኹ እየ ዝሰርሖ። ስለዚ ንኹሉ ነገር ግዜ እንተ ሂብካዮ ዘጸግም ነገር ዘሎ ኮይኑ ኣይስመዓንን እዩ።

• ክተመሰግኒ ዕድል ክህበኪ፧

- ንዓይ ኣኽቢርኩም ምዕዳምኩም ኣዝየ ኣመስግነኩም። ኑቶም ብቐዳማይ ኣኽቢሮም ዝዓደሙኒ ዌብሳይት (startup grind x/asmera) ድማ በዚ ኣጋጣሚ ከመስግኖም እደሊ። ፈተውተይን ስድራይን ድማ ሳላ'ቲ ዝገበሩለይ ምትሕግጋዝ ኣመስግን።

• ንሕና'ውን ስለቲ ግዜኽን ምቕሉል ኣቀራርባኽን ነመስግን።

***

ሚካኤል በርሀ (ወዲ በርሀ)

ኣንገሶም ዮሴፍ

መድሕን፡ ካብ ዝተፈላለየ ጉድኣት የድሕን!

ኣብ ሕብረተሰብ ዝርጋጥሙ ሓደጋታት ምቁጽጻርን ኮነ ዘጋጥም ክሳራታት ምሽፋንን ሓደ ካብ ኣገደስቲ ረቛሒታት እዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ብቐዓት ቁጽጽር፡ ናይ ዝወረደ ክሳራታት ኣሕዋኻ ንቕድሚት ክትሰጎምን ክትዓብን የኽእለካ። ትካላት መድሕን፡ ዝርጋጥሙ ክሳራታት ኣብ ምቕናስ ዓቢ ግደ ክጻወታ ንርእየን ኢና። ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ'ውን ነዚ ዕላማ'ዚ ቀይሙ ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን። እዚ ትካል'ዚ፡ ንዚወትን ንብረትን ካልእን ዝምልከት ናይ ውሕስነት ኣገልግሎት ዝህብ እዩ። ዝሓለፈ ቀዳም ከኣ ዓመታዊ ኣኼባ ናይ ወሃንቲ ብርኪን ደላሎን ኣብ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣካዪዱ ነይሩ።

ሃገመኤ ዓመታዊ ኣኼባኡ ኣብ ቀዳመይቲ ቀዳም ናይ ወርሒ ሰነ'ዩ ኩሉ ግዜ ዘካይድ። ናይ ሎሚ ዓመት ኣኼባኡ ከኣ ኣብ ዝሓለፈ ቀዳም ኣካይዱ ነይሩ። ኣብቲ ኣኼባ፡ ወሃንቲ ብርኪ ዝኾኑ ክሳብ 400 ዝኾኑ ኣባላትን ተዓዘብትን ተሳቲፎም ነይሮም። ሃገመኤ፡ ዝመጽእ ዓመት ኣብ ዘካይዶ ኣኼባ፡ ሓደሽቲ ኣባላት ቦርድ ክመርጽ መደብ ከምዘለዎ ይገልጽ። ኩሉ ዕዮታት ናይቲ ትካል ከኣ ብኣህጉራዊ መለክዒ ዝዕየርን ዝመሓደርን ክኸውን እዩ።

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ኣብ 1992 ዓ.ም ከምዝተመስረተ ዝፍለጥ እዩ። ኣብቲ ሽዑ እዋን፡ 'ሃገራዊ ኮርፖረሽን ውሕስነት ኤርትራ' ዝብል ስም ሒዙ'ዩ ክቐውም ዝኸኣለ። ኣቐዲሙ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ እዚ ትካል ከም ሓደ ጨንፈር ናይ ሰሜን ኢትዮጵያ ኮይኑ የገልግል ነይሩ። ካብ 1992 ንደሓር ግን፡ ናይ ውሕስነት ፕላን ወጺኡሉ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክዕቢ ምጅንሩ ይገልጽ። እቲ ክህቦ ዝጀንሖ ኣገልግሎት ከኣ፡ ናይ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ውሕስነትን ናይ ሂወት መድሕንን እዩ። ቀጻልነት ናይዚ ትካል ምእንታን ክረጋገጽ ከኣ፡ ሓያሎ ኩባንያታት ተጠርኒፈን ናይ መድሕን ውሕስነት ክኣትዋ ክኢለን። ሃገመኤ ካብዚ ተበጊሱ'ዩ እምበኣር ናብ ኣህጉራዊ ዕዳጋታት ክኣቱን ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት ዝምድና ክፈጥርን ዝኸኣለ። ንኣብነት፡ ምስ 'ሙኒክ ኩባንያ መድሕን ደቡብኣፍሪቃ' ዝምስረን ዝምድና ፈጢሩ። ሙኒክ ኩባንያ ኢንሹራንስ ሓደ ካብ ዓበይቲ ናይ ዓለምና ኩባንያታት መድሕን ምዃኑ'ዩ ዝእመነሉ። ብዘወሳኺ፡ እዚ ኩባንያ ልዕሊ 60 ቢልዮን ዶላር ናይ ኢንሹራንስ ባጀት ከምዘለዎ ይሕበር።

ሃገመኤ ከም ወናኒ ብርኪታት መጠን፡ ኣብ ሌጎስ (ናይጀርያ) ኣብ ዝመደበሩ ኩባንያ ዳግመ-ውሕስነት ኣፍሪቃ (Africa Re) ርእሱማል ኣውፊሩ ይርከብ። ኩባንያ ዳግመ-ውሕስነት ብሕብረት ኣፍሪቃ ዝተመስረተ እዩ። ብዘይካኡ፡ ኣብቲ ኣብ ኬንያ ዝመደበሩ ንኣባላት ሃገራት ኮሜሳ ዝሓቁፍ 'Zep re' ዝተባህለ ናይ ኢንሹራንስ ኩባንያ ዳግመ-መድሕን እውን ብርኪ ከምዘውንን ዝፍለጥ እዩ። ብዘወሳኺ፡ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ምስ ኣብ ዳግመ ውሕስነት ዝጠፍ ናይ ደቡብ ሱዳን ኩባንያ ብርኪታት ኣትዩ ኣሎ። ሓላፊ ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ኣቶ ዘርኡ ወልደሚካኤል፡ ሃገመኤ ምስ Africa Re ከምኡ ድማ ምስ Zep re ናይ ዳግመ ውሕስነት ኩባንያታት ከም ኣባል ቦርድ ኮይኑ ዝላዓለ ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ ገሊጹ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ምስዘን ክልተ ዓበይቲ ኩባንያታት ስትራተጂያዊ ብዝኾነ መዳይ ተወሃሂዱ ይሰርሕ ኣሎ።

ኣብዚ እዋን ሃገመኤ ምስ ኩባንያ ዳግመ-ውሕስነት ሙኒክ፡ ኩባንያ ዳግመ-ውሕስነት ኣፍሪቃ፡ ኩባንያ ዳግመ-ውሕስነት ኬንያን ኩባንያ ዳግመ-ውሕስነት ምብራቕ ኣፍሪቃን ብምውህሃድ ይሰርሕ ኣሎ። እዚ ኩባንያ ምስ ካልኦት ዝተፈላለያ ናይ ድለላ ትካላት እውን ይሰርሕ እዩ። ኣብ መምጓይ ምስ ዝርከብ ኩባንያ J.B Boda፡ ኣብ ሌጎስ ምስ ዝርከብ ኩባንያ ጆርዳን ግሎባል፡ ከምኡ ድማ ኣብ ሎንደን ምስ ዝመደበሮም CK RE ኣፍሮ ኤሽያን ዝበሃሉ ትካላት። ኮይኑ ድማ ሃገመኤ ካብ ዝምስረት ንደሓር ምስ ሓያሎ ኩባንያታት ብወሃደት ብምስራሕ ብዙሕ መኽሰብ ከኻዕብት ክኢሉ እዩ። ብዘይካ'ዚ እውን፡ ዓመታዊ ምስተን ናይ ብርኪ መሻርኽቱ ምቅሊት ከምዝገብር ይሕበር።

ሃገመኤ ናይ ስራሕ ዕድላቱ ምስ ናይ ዕደና ኩባንያታት ሃገርና የስፍሕ ከምዘሎ'ዩ ዝገለጸ። ብመንገዲ ዝተፈላለዩ ደላሎ ከኣ ኣብ ናይ ዕደና ጸላት ውሕስነት ንምሃብ ይሰርሕ ኣሎ። ማርሽ ዝተባህለ ኩባንያ፡ ኣብ ዓለም ሓደ ካብ ዓበይቲ ናይ ዕደና ዳግመ-ውሕስነት ኩባንያታት ምዃኑ ዝፍለጥ እዩ። ኣቶ ዘርኡ፡ ሃገመኤ ምስቲ ኣብ ለንደን፡ ቻይናን ካናዳን ጨናፍር ዘለዎ ማርሽ ተሻሪኹ ብፍሉይ ናይ ዕደና ውሕስነት ንምርግጋጽ ይጽዕር ከምዘሎ ሓቢሩ። ኣብ ኤርትራ ዝዓበየ ምዃኑ ዝነገረሉ ኣብ ናይ ፖታሽ ዕደና ብሓባር ንምስራሕ ጀሚሩ ከምዘሎ ከኣ ወሲኹ የረድእ። ሃገመኤ ምስዚ ናይ ፖታሽ ዕደና፡ ናይ ዕደና ዳግመ-ውሕስነት ስራሕ ንምጅማር ኣብ ዘተ ከምዘሎ'ዩ ዝሕበር።

ቀንዲ ተልእኾ ሃገመኤ፡ ዝርጋጥም ክሳራ ብፊናንሳዊ ደገፍ ንምሽፋን እዩ። እቲ ትካል ኣብ ግዜ ሓደጋ ዝወሰዶ ስጉምቲ ከኣ ብውሸጣዊ ዓቕሙ ከምዝሸፍኖ ይሕበር። ንዝኾነ ዘጋጥም ክሳራታት ክሽፍን ይግደድ'ዩ። ኣብ ናይ በረራን ዕደናን ውሕስነት ብዝልዩናት ዝግመት ባጀት'ዩ ዝሓትት። ነዚ ንምቅላል ከኣ ምስ ሓያሎ ኣህጉራውያን ናይ ዳግመ-ውሕስነት ኩባንያታትን ደላሎን ዝምድና ክትፈጥር ይግባእ። ኣብዚ እዋን ሃገመኤ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ዕቤት ብርኡይ ለውጢ ገይሩ ምህላዉ ኣቶ ዘርኡ ይገልጽ።

ኣብ 2004 ናብ ብሕቲ ዝተሰጋገረ ሃገመኤ፡ ብርካዊ ሽርክነት ምስ መንግስቲ ኤርትራ'ውን ኣለዎ። እቲ ዝሸየጥ ብርኪ ከኣ ኣብ ወሽጥን ወጻእን ንዝርከቡ ኤርትራውያን ዜጋታትን ትካላትን ከምዝወሃብ ይፍለጥ። በዚ መሰረት ኣብዚ እዋን ክሳብ 2 ሽሕ ዝበጽሑ ወሃንቲ ብርኪ ኣለውዎ። ሚኒስትሪ ፋይናንስ ክሳብ 56% ብርኪ ክውንን እንከሎ፡ ዝተረፈ 44% ከኣ ብውልቀሰባትን ትካላትን ይውነን።

ኣቶ ዘርኡ፡ ኤርትራ ኣባል ኣህጉራዊ ማእከል ፈተና ናይ ኢንሹራንስ ኢንስቲትዩት ሎንዶን (Chartered Insurance Institute Of London) ምዃና ገሊጹ። እዚ ኢንስቲትዩት ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ኣተኩሩ'ዩ ዝሰርሕ። በዚ ምኽንያት ከኣ ሓያሎ ኣባላት ናይ ኢንሹራንስ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት እናተኣከቡ ከምዝሰልጥኑ ይገልጽ። ሃገመኤ እውን ዓቕሚ ኣባላቱ ክብ ንምባል ኣብዚ ኢንስቲትዩት ከምዝሰልጥኑ ይገብር ኣሎ። ኮነ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ በቲ ኢንስቲትዩት ዝወሃብ ፈተና፡ ኣባላት ሃገመኤ ከም ዝሳተፉዎ'ውን ይሕበር።

ሃገመኤ ካብቲ ዘኻዕበቶ ኣታዊታት፡ ነቶም ወሃንቲ ብርኪ ዓመታዊ'ዩ ዘመቓርሖም። ወሃንቲ ብርኪ ካብቲ ዘውፈሩዎ መጠን ገንዘብ ክሳብ 8% መኽሰብ ከምዝረኽቡ ድማ ይገልጽ። እዚ ዝተጠቕሰ ሚእታዊት ምስቲ ናይ ካልኦት ሃገራት ምቅሊት ክረኣ እንከሎ ልዑልን ኣርባሕን ምዃኑ ኣቶ ዘርኡ ይገልጽ። ብዘይካ'ዚ፡ ሃገመኤ ቅድሚ ሕጂ ዘይጀንሖ ናይ ሂወት ውሕስነት ዝህብ ኣገልግሎት መድሕን ክህብ ጀሚሩ ኣሎ። እዚ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ዝጀመረ ናይ ሂወት መድሕን በጠንጆለ ዝካበር ምዃኑ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ ሓንቲ ጉጅለ ከኣ ክሳብ 500 ሰባት ክጥርነፉ ኣለዎም። ስለዝኾነ፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ዝኣቶ ውሕስነት ኣገዳስነቱን ኣኽሳብነቱን ብዙሕ ከምዝኾነ ይገልጽ።

ብተወሳኺ፡ ኣብዚ ናይ ሂወት መድሕን ክሳብ 10 ሽሕ ዝበጽሑ ተጋደልቲ በጠንጆለታት ቁይሞም ከምዘለዉ ይሕበር። ካብ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነት'ውን ብተመሳሳሊ ክሳብ 600 ዝበጽሑ ኣብ ጉጅለ ተጠርኒፎም ኣለዉ። እዚ መደባት ኣብ ኩሉ ምምሕዳራትን ውዳቤታትን ክበጽሕ ምእንቲ፡ ኣብ ዘተ ከምዘለዉ'ውን እቲ ጸብጻብ ወሲኹ የረድእ። የግዳስ፡ ክሳብ ሕጂ ናይ ሂወት መድሕን ውሕስነት 1% ናይቲ ብርኪ ጥራይ'ዩ ዝውንን። ኣብ ምዝዛም ናይዛ ሒዝናያ ዘለና ዓመት ክሳብ 4% ብርኪ ናይ ምውናን ዓቕሙ ክብ ንምባል መደብ ተታሒዙሉ ኣሎ። ኣብ ዝመጽእ ዓመት ከኣ እዚ ናይ ሂወት መድሕን ብርኪ ክሳብ 10% ናይቲ ብርኪ ክሽይጥ እዩ። ኣብ ዝጠዙሓ ሃገራት ናይ ሂወት መድሕን እቲ ዝዓበየ ምቅሊት ዝርከበሉ ምዃኑ'ዩ ዝሕበር። እቲ ልዕሊ 75% ክፍሊት ከኣ ካብ ናይ ሂወት መድሕን ከምዝርከብ ጸብጻባት የረድእ። "ኣብ ናይ ሂወት መድሕን ከምቲ ዝድለ'ኳ እንተዘይሰራሕና፡ ሕጂ ግን ናብ ጽቡቕ ደረጃ ኔቃምት ኣለና" ይብል ኣቶ ዘርኡ ወልደሚካኤል። ሃገመኤ ኣብ ዝመጽእ ግዜ ናይ ሕክምና፡ ሂወትን ጡረታን ውሕስነት ንምሃብ ይሰርሕ ከምዘሎ ይገልጽ። ኣብዚ ሰለስቲኡ መዳይ ኣተኩሩ ብምስራሕ፡ ቅልጡፍ ዕብየት ክርኢ መርሓ ጎደና ኣውጺኡ ይሰርሕ ከምዘሎ ድማ ኣቶ ዘርኡ ወሲኹ ይገልጽ።

ሃገመኤ ኮነ ዝጀንሖ ናይ ማሕበር ዓንቀጻትን ዘይተፈረመ ውዕልን ኣመሓዩሽዎ ኣሎ። በዚ ድማ ኣብ ትሕቲ ጥሙክ ኤርትራ ንግዳዊ ሕጊ ዝምልከት ረቛሒታት ኣማሊኡ ክሰርሕ እዩ። እቲ ቀዳማይ መዘኻኸሪ ሕጊ ኣብ 2004 ከም ዝረቀቐ'ዩ ዝገለጸ። እቲ መዘኻኸሪ ሕጊ ማሕበር ከኣ ኣብ ኣድላዩ ዝኾነ እዋን ክመሓየሽ ይኽእል እዩ። ኣብቲ ናይ መበል 15 ዓመታዊ ዋዕላ ወሃንቲ ብርኪ ጸብጻብ ናይ ኣመሓደርትን ዳይረክተራትን ቀሪቡ። ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ተቖጻጸርቲ (Auditors report) ጸብጻብ'ውን ቀሪቡ እዩ። ብድሕሪ'ዚ ድማ፡ ወሃንቲ ብርኪ ኮነ ኣብ 2018 ዝተጉበረ ፊናንሳዊ ወጻኢታትን ጸብጻብን ዘትየምሉን ኣጽዲቖሞ። ብተወሳኺ እውን ኮነ ኣታዊታት ብኸመይ ከምዝመቓረሕ ወሲኖም። ኣብዚ ድማ ወሃንቲ ብርኪ ሓደስቲ ኦዲተራት ብምምራጽ፡ ሓደሽ ፊናንሳዊ ኣዋጅ ኣጽዲቖም።

እዚ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተፈጢሩ ዘሎ ሓድሽ ኩነታት ሰላም ናይ ንግዲ ዕድላት ከፊቱ ይርከብ። ኣብ ወደባት ዓሰብን ባጽዕን ክፍጠር ዝኽእል ዕድላት ስራሕ ከኣ፡ ኮነ ትካል ሰፊሕ ዕድላት ክፈጥረሉ ትጽቢት ይግበር። ሓደሽ ኩባንያ ኢንሹራንስ ናይ ሱዳን ምስ ሃገመኤ ብዘለዎ ብርኪ፡ ኣብዚ ዓመት ዕወት ውጽኢት ከምዘመዝገበ ተገሊጹ። ካብቲ ናይ ኢንሹራንስ ኩባንያ ከኣ ማዕረ ምቅሊት ከምዝካፈል ይሕበር። ብዘይካ'ዚ፡ ካብ Africa Re & Zep Re ዝተባህላ ኩባንያታት ናይ ብርኪ ምቅሊት ኣለዎ። ካብዚ ተበጊሱ ከኣ ምስ ናይ ኢትዮጵያን ሱዳንን ናይ ኢንሹራንስ ኩባንያታት ዝምድና ንምፍጣር ጻዕርታት ይግበር ከምዘሎ ኣቶ ዘርኡ የረድእ።

ሃገመኤ ኣብ ሕርሻ ዝበፆ ወፍሪ ከምቲ ዝድለ ክሰጉም ኣይከኣለን። ኣብ ዝመጽእ ግዜ ግን ኣብ መዳይ ሕርሻ ኣተኩሩ ክሰርሕ መደብ ኣለዎ። ብኡ መንጽር ክዕብዩሉ ዝኽእል መንገድታት እውን ኣብ ምንዳይ ይርከብ። ኣብ ሕርሻ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ብምትሕግጋዝ፡ ኮነ ኣብኡ ዘጋጥም ክሳራታት ንምጉዳል ክጽዕር ምዃኑ ድማ ይገልጽ። ኣብ ዝመጽእ ሓሙሽተ ዓመታት በቲ ትካል ተታሒዙ ዘሎ መደብ - ምምዕባል ማይክሮ ኢንሹራንስ እዩ። እዚ ናይ ማይክሮ ኢንሹራንስ መደባት ብቐንዱ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ ከተኩር እዩ። ሃገመኤ ኣብ ካልእ ጸላት'ውን ማለት ከውፍር ጸኒሑ እዩ። ከም ኣብነት ንምጥቃስ፡ ምስ ሽምሽሚያ ንግዳዊ ሕርሻ ጋሽ-ባርካ፡ ከምኡ'ውን ምስ ሺሻይ ምድላው መግቢ እንስሳ ይተሓጋገዝ እዩ። ናይ ጡረታን ሰወኣትን ሓገዝ'ውን በዚ ትካል'ዩ ዝካየድ።

ኣብ ኤርትራ እቲ እንኮ ናይ ኢንሹራንስ ትካል ሃገመኤ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ኮነ ትካልን ህዝብን ብዙሕ ጸገማት ከስዕቡሉ ከምዝኽእል ኣቶ ዘርኡ ይገልጽ። ንሱ ወሲኹ፡ "ካልኦት ናይ ኢንሹራንስ ትካላት ኣብዚ ሃገር እንተ ዝህልዋ ነይረን፡ ምስኣን እናወዳደርና ዓቕምና ክንግምግም ምሓገዘና። ስለዚ፡ ካልኦት ትካላት ኣብዚ ዓይነት ዋጋን ከውፍራን ናይ ኢንሹራንስ ኩባንያት ናብዚ ዕዳጋ ክኣትዋን ኣድላዩ እዩ። እዘን ኩባንያታት ምስ ዝህልዋ፡ እቲ ህቦ ኣገልግሎት ክትመዝን ትኽእል ኢኻ። በዚ ምኽንያት ኢና'ውን ምስ ሱዳን ዝምድና ክንፈጥር ክኢልና" ይብል። ከም ዝፍለጥ፡ ኣብ ደቡብ ሱዳን ክሳብ 55 ዝኾና ናይ ኢንሹራንስ ትካላት ኣለዋ። ሃገመኤ ብግደኡ ምስታ መሻርኽቱ ዝኾነት ትካል ኮይኑ ልዑል ግደ ይጻወት ኣሎ ክበሃል ይከኣል። በዚ ከኣ ምስተን ኣርባዕተ ቀዳሞት ናይ ኢንሹራንስ ኩባንያታት ክሰርዕ ከምዝኽእል ይሕበር።

ኣብ ጸጽባሕ ዝዓብን ዝጐልሕን ራእይ !

ግርህ ኢሉ ናብቲ ኣብ ሓልሓለ ዝርከብ ኩቡቲ ዝፋረያሉን ወጽኢት ጸባ ዝምስራሐሉን ትካል 'ኣዜብ-ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ማሕበር' ክበጽሕ ዝኸደ ሰብ፥ ኣብ ሓደ ባህታ ዘሆንገል ምስ ተፈጥሮ ዘቀራርበካን መንፈስካ ዘሐድሰን ቦታ ምህላዉ እንተ ዘይኮይኑ፥ ናብኡ ንምብጻሕ ዝተሓለፈ ጸዕርን ኣድካ ናይ ዘይምሃብ መንፈስን ክንደየናይ ከይረኣየ። ነቲ ኹሉ ዝሓለፈቶ ብድሆታት ብምዝካር ከኣ'ያ ወናኒት ናይቲ ትካል ወይዘሮ ኣዜብ ጸጋይ፥ "ካራ ክበልሕ እንተኾይኑ ክራጸም'ዩ ዘለዎ" ዝበለትና።

ኣቡቲ ብዘይ ጉርብትና ቤት ይኹን ዓዲ ንጽል ኢሉ ዝተደኮነ ቆጽሪ ብዘኣተኹ፥ እምባሕ ዝብላ ኣሓ ምስ ምራኹተን፥ ንኣዒንትኻ ዝመልእ ብቖጠልያ ተኸልታት ቡን፥ ኣልፋ ኣልፋ፥ ሳዕሪ ማዕረ፥ ዕምባብታትን ካልእን ዝተሸፈነ ኣጺድ ይቀባበለካ። ናብቲ ብርሑቕ ኣማዕዲኻ እንክትምልከቶ ሰብ ዘይብሉ ዝመስል ህንጻታት ምስ ኣተኻ ድማ በጃ ክዳናም ወደየም ኣቡቲ መመስርሒ ማሽነሪታት ሳዕልን ታሕትን ዝብሉ ሰራሕተኛታት ትርኢ። ፍሕሹው ኣቀባብላ ሰብ ትካል ምስ ረኣኻ ድማ ውጹእ'ኳ ኣይመጽኣካን!

እዚ ኣብዚ እዋን'ዚ፥ 40 ዝሕለባ ወሲኽካ ኣብ ኣንፈ ሕርሻን ሰራን ዘለዋ 119 ኩቡቲ ዝውንን 'ኣዜብ-ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ማሕበር' ክጠንስ ከሎ ብመፍረ ደርሁ'ዩ ጀሚሩ። መፍረ ደርሁ፥ ወይዘሮ ኣዜብ ገና ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከላ ዝተመኩረትሉን ዝተዓወተትሉን ስራሕ'ዩ። ኒሕ ናይ ትምህርቲ ሐዚዋ፥ ቁልዑ እናዕበየት ብቐዲ ኹዳን ዲፕሎማ፥ ብንድፊ (drafting) ከኣ ዲፕሎማ'ኳ እንተ ወሰደት፥ ምስ ሃለኽለኻ ዘይከይድ ትሑት እቶት ዝሃቦ ስራሕ ኩይኑ ስለ ዝረኸበቶ፥ ከርቡሓ እንተኸኣለ ብምባል'ያ ደርሁ ከተፍሪ ጀሚራ። 12 ሜትሮ ብ13 ሜትሮ ስፍሓት ኣብ ዘለዋ መካበብያ ኸኣ ካብ 500-600 ዝኾና ደርሁ ብምፍራይ ሲጋን እንቋቑሖን እናሸጠት ንሸውዓተ ዓመት ሰሪሓ።

"ናጽነት ኤርትራ ምስ ተበሰረ፥ ናብ ዓድና ክንምለስ ኢና ወሲንና። ብዓል ቤተይ ድሮ ብመንግስቲ ተደልዩ ናብ ኣስመራ ቀዲሙና ብምምጻእ ኣብ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትርን ስራሕ ጀሚሩ ነይሩ። ኣነ ኸኣ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 1993 ክልተ ደቀይ ሒዘ ሰዲበ። ምስቲ ኣጋይሽ ምንባርና ናብራ ቀሩብ ጸጊሙና ኢሉና። ከም ልማደይ ኣብ እንዳ ዓለቦይ ኣብ ዝርከብ ካንሸሎ ደርሁ ክፍሪ ጀሚረ። ግን ከምቲ ዝሓሰብኩዎ ኣይከደለይን፥ ኣብ ክሳራ ኣትየ ኣቋሪጸየ።"

ወይዘሮ ኣዜብ ወላ'ኳ ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ ክልተ ደቅን እንተ ነበረት፥ ዕድመኣ ኣብ ግምት ብምእታው ምስ ምእዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ 1994 ብፍልጠታን ሞያኣን ከተገልግል'ያ መሪጻ። ኣብ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትርን ድሕሪ ምግልጋል ድማ ብኮንትራት ክሳዕ 1997 ኣብቲ ሚኒስትሪ ሰሪሓ። ብድሕሪ'ዚ፥ ምስ ብዓል ቤታ ኢንጂነር ሚካኤል ጸጋይ ብምዃን "Managing and Supervision" ዝበል ትካል ብምኽፋት፥ ኣብ ምህናጽ ኣባይቲ ዋሕዝን ምትካል ኬብል ተሌፎንን ተዋፊራ።

"መካብሮ ደሓን ኬድና። ንመንበሪና ዝኸውን ገዛ ክንገዝእ ምስ በልና ግን ደቀይ ሓድሽ ሓሳብ ኣምጺኦም። ምዕዳግ ገዛ ኣወንዚፍና ነቲ ገንዘብ ኣብ መፍረ ደርሁ ከነውፍሮ ሓሳብ ኣቕሪቦም። ንሓሳቦም ብሓጎስ ተቐቢለዮ።"

ወይዘሮ ኣዜብ፥ ኣብ 2001 ምስ ደቃን ብዓል ቤታን ብምዃን መጸናዕቲ ገቢሩ'ሞ፥ ወረቐቶም ናብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቕረቡ። ካብቲ ዝተቐረበሎም ኣብ ሰለስተ ዞባታት ዝርከብ ቦታታት ንሓልሓለ ድሕሪ ምምራጽ ከኣ ትካሎም ኣብኡ ክድኮኑ ፍቓድ ተዋህቦም።

"ፈለማ፥ ነቲ ቦታ ምስ ረኣናዮ ፍጹም በረኻ ምዃኑ ጥራይ ዘይኮነስ፥ ከውሒ ዝበዝሖ ኮጀት ኩይኑ'ዩ ጸኒሑና። እቲ ከባቢ ብታህሰስን ሰራውን መርኣዪ ኣይነበሮን። ኣብርሃም ወደይ ንድሕሪት ምምላስ ከም ዘየለ ብምግላጽ ክንሰርሓሉ ኢና ብምባል ኣተባቢዑኒ'ዩ።"

ንብደሆ እንተ ዘይገጠምካዮ፥ ኣይትዕወተሉን ኢኻ ዝበለትና ወይዘሮ ኣዜብ፥ ኣብ 2004 ካብ 'ዱብል ሃርቨስት' ዝተባህለ ናይ ሆላንድ ትካል 2000 ጨቓዊት ብምዕዳግ ነቲ ስራሕ 'ሀ' ኢላ ጀሚራቶ። ሰሚሩላ ኸኣ! እቲ ትካል ድሮ ፋሕፋሕ ክብል ጀሚሩ። ንትሸዓተ ደቀንስትዮን ሸሞንተ ደቂተባዕትዮን ዜጋታት ከኣ ናይ ስራሕ ዕድል ፈጢሩሎም።

"ኣብ ለካቲት 2005 ናይ ሓደ መዓልቲ ዕድመ ዘለወን ጨቓዊት ካብ ሆላንድ ኣምጺእና። ድሕሪ ወርሕን ሰሙንን 4000 ንዖና ኣትሪፍና ዝተረፋ ንህዝቢ ሼጥናየን። ዓዲ ክምዕበል እንተኾይኑ በይንኻ ምዕባይ ዝበሃል የለን። ሰብ ምሳኻ ክትንእስ ክትርኢዮ ከለኻ'ዩ ባህ ዝብለካ" ድሕሪ ምባል ወይዘሮ ኣዜብ፥ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ፥ ናይ ሓደ መዓልቲ ዕድመ ዘለወን 22,000 ናይ ዘወልዳ 6,000 ከኣ ናይ ስጋ ደርሁ ከም ዘምጸኣት ትሕብር። ድሕሪ ወርሒ ኸኣ 4,000 ንእኣም ብምትራፍ ከም ዝቐደመ ዝተረፋ ንህዝቢ ሸይጠምወን። እዚ ኣብ ምርግጋጽ ዕዳጋ ደርሁ ሃገርና ዓቢ ተራ ከም ዝተጻወተ ኸኣ ትገልጽ።

4000 ጨቓዊት ብምዕዳግ ምስሳን ደርሁ ክትቅጽል እናበለትን ግን ዓመተ-2005 ብደረጃ ሃገር ጥራይ ዘይኮነስ ብደረጃ ዓለም'ውን ሕማቕ ወረ እያ ከተንፍስ ጀሚራ - ሕማም ሰዓል ኣዕዋፍ (bird flu)። ማዕከናት ዜና ዓለም እንተላይ ናይ ሃገርና ሕማም ሰዓል ኣዕዋፍ ከይጠቕዕ ዜና ዘይሰርሓሉ መዓልታት'ዩ መጺኡ። እዚ ንመፍረ ደርሁ 'ኣዜብ - ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ማሕበር' ኣገዳሲ ፍጻመ'ዩ ነይሩ።

"ሕሰብ ክተብሎ ከለኻ፥ ምስቲ ጀመርቲ ምንባርና፥ ምስቲ ክብደት ናይቲ ስራሕ፥ ምስቲ ገና ካብ ለቓሕ ዘይተገላገልናዮ ዓቕልና'ዩ ጸቢቡና። ነተን ደርሁ እለዩወን ዝብል መምርሒ ድማ ተዋሂቡና። ደሓር ግን ምስ ክኢላታት ተማኺርና ነተን ደርሁ ክንውሽበን ወሲንና።"

እተን ደርሁ ተወሸባ። እንቋዕ ኣይተኣልያ፥ ዝሓመመት ደርሆ'ውን ኣይተረኸበትን። ንወረ ግን ዝሰዕሮ ሓይሊ ዳርጋ የለን። እንቋቑሖ መን ይዕድጎ ኾይኑ! ሓኪይም ኣብ ተለቪዥን ብምቕራብ ብዛዕባ ሕማም ሰዓል ኣዕዋፍን ዘምጽኦ ሳዕቤንን ብዙሕ ተዛሪቦም፥ ተመሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቶም እንቋቑሖ ከይበልዑ ክጥንቀቑ ገሊጾስ ተኻፍዶሞም። ዕዳጋ እንቋቑሖ ኸኣ ትሕቲ ባይታ ዘበጠ።

"ኣብቲ እዋን'ቲ፥ 180,000 እንቋቑሖ ዓይንና እናረኣና ብጥዑዩ ኸሎ ጕሒፍናዮ። ወላ ብ90 ሳንቲም ዝዕድገልና ሰኢንና። ኣብ ፋሲካ ብ2 ናቕፋ፥ ኣብ ቅዱስ የሃንስ ከኣ ብ3.75 ናቕፋ ዝሸጥናዮ ቀሩብ ትንፋስ መሊሱልና። ካብ ክሳራ ግን ኣይናገፍናን።"

ደርሁ ካብ ደገ ምምጻእ ብመምርሒ ሚኒስትሪ ሕርሻ ተኸልኪሉ። ኣብዚ እዋን'ዚ ንመፍረ ዝበቕዕ ኣማራጺ፥ ኤፍ ዋን ዝዓይነተን ደርሁ ካብ ከረን ምምጻእ'ዩ ነይሩ። 15,000 ዝኣኽላ ጨቓዊት ከኣ ኣምጺኦም። እንተኾነ እተን ፍርቂ ተባዕትዮ ፍርቂ ኸኣ ኣንስትዮ ዝነበራ ደርሁ፥ ዘይከም ትጽቢቶም፥ ትሑት ፍርያት እንቋቑሖ'ዩ ተረኺቡወን። ሃገር እናኸበደ ሕጽረት ቀረብ መግቢ ደርሁ'ውን እናብኣሰ መጺኡ። ክንደይ ማል ዘፍሰሰትሉ ትካል ብኸመይ መገዲ ምጽእ ኢልካ ዓጺኻዮ ትኸይድ! ኩሉ ክሕሰብ ከም ዘይብሉ ኰሎም ሰድራ ኣብ ምርድዳእ በጺሖም።

ኣቡቲ እዋን'ቲ፥ 5000 ዝኾና ደርሁ ነይረን፥ እንተኾነ ንሰን'ውን ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ቀጽረን እናጐደለ'ዩ ኸይዱ። ኣብ ለካቲት 2007 ኸኣ ብበርሆም ንጓል ኣብርሃም ንጸባ እንተኾና ብምባል ክልተ ኩቡቲ ኣምጺኦም። እተን ኩቡቲ ልዕሊ ግምቶም ጸባ ክህባኦም ጀመራ። ጠስምን ርግኦን ክኸታ ጀሚረን። ጸባ'ውን ክሸጡ ኣኽኢሉናኦም።

"ካብዚ ብምብጋስ፥ ተተባቢዕና ነተን ክልተ ሓሙሽተ ኩቡቲ ብምምላእ ንመዓልቲ 120 ሊትሮ ጸባ ክንረክብ ክኢልና። ወላ'ውን እቶም ኣብ ደባሩዋ ዝነብሩ ትካል፥ ጸባና ልዕሊ ዓቕሞም ስለ ዝኾኑና ከም ዘይቅበሉና ኣፍሊጦሙና። ኣንፈትና ናብ ኣስመራ ብምግባር ድማ ጸባና ናብ ኣስመራ ክንሸጦ ጀሚርና፥" ድሕሪ ምባል ወይዘሮ ኣዜብ፥ ኣብዚ'ውን ፈተነታት ከም ዘይተጋደፍም'ያ እትዝክር።

እቲ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ትካል መመስርሒ ጸባ፥ ነቲ ትካል ኣዜብ ዘምጽኣሉም ጸባ መረጋገጺ ብዘይብሉ መገዲ ማይ ተሓዊሱዎ ብምባል ክሕጽጎን ዋጋ ከጉድሰሉን ጀመረ'ሞ፥ ጸባኦም ባዕሎም ኣመስሪሖም ዝሸጡሉ መገዲ ክናደዩ ከም ዝወሰኑ ወይዘሮ ኣዜብ ትሕብር። ምስ 'ፓግ' ዝተባህለ ሆላንዳዊ ትካል ድሕሪ ምዝርራብ ከኣ ምስ ማልኮ ዝተባህለ ሆላንዳዊ ኣባል እቲ ትካል መደቀሲኡን መመገቢኡን እናሸፈኑ ኣብ ምምስራሕ ጸባ ኣመልኪቱ ስልጠና ክህቦም ተሰማሚዖ። ማልኮ ነቲ ቦታ ምሒር ፈቲዩዎ። ዓሰርተ ክልተ መዓልቲ ኣብኡ ብምቕናይ ከኣ ንኸሎም ኣባላት ስድራቤትን ገለ ሰራሕተኛታት እቲ ትካልን ከም ፎርማጆ፥ ርግኦን ሞዛረላን ዝኣመሰለ ኣገባብ ምምስራሕ ጸባ ምሂሩዎም።

ኣቡቲ እዋን'ቲ፥ እቲ ትካል ዋሕዲ መመስርሒ ማሽነሪታት ስለ ዝነበሮ፥ ካብ መደበር ዓቢ ድስትን ጉልሻን ብምዕዳግ ብሃልሃልታ ሓዊ ጸባ የፍልሑን ፋርማጆ ይሰርሑን ምንባሮም ወይዘሮ ኣዜብ ትዝክር። ማልኮ ኣብቲ ትካል ዝበሮ ፍቕሪ በቲ ዘሰነቖም ትምህርቲ ኣየብቅዐን። ንኣብርሃም ናይ ትምህርቲ ዕድል ከም ዝረክብ ኣብ ምግባር ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። ኣብርሃም ከኣ ናብ ሆላንድ ብምኻድ ናይ ቴክኖሎጂ ጸባ (milk technology) ትምህርቲ ቐሲሙ ተመሊሱ። እዚ ይኹን'ምበር፥ እቲ ኣብርሃም ዝተማህሮ ኣሰራርሓ ፎርማጆ ምስ ዓድና ዘይከይድ ብምንባሩ ከምቲ ዝደለ ዕዳጋ ክረክብ ኣይከኣለን።

"ኣብ ሃገርና፥ ናይ ጥልያን ፎርማጆ'ዩ ተለሚዱ ጸኒሑ። ኣብርሃም ዓዲ ጥልያን ከይዱ ክመሃር ከኣ ግድነት ኮይኑ። ከምኡ ኸኣ ገርና። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብርሃም ወደይ፥ ካብ ምሉእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከም ሰራሕ ፎርማጆ (cheese maker) ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዝረኸበ ኩይኑ ኣሎ። እዚ ንትካልና ዓቢ ዓወት'ዩ። ክሳዕ ሕጂ ኸኣ ናይ ሽዱሽተ ዓመት ዓይነታዊ ብሉጽነትና ዓቂብና ጸቡቕ ንኸይድ ኣለና።"

ኣብዚ እዋን'ዚ፥ 'ኣዜብ - ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ማሕበር' መዓልታዊ 3,000 ሊትሮ ጸባ የመስርሕ። ኣብ እዋን ጾሙ'ርብዓ ድማ ክሳብ 4000 ሊትሮ ይበጽሕ። ርግኦ፥ ጠስሚን 19 ዓይነታት ፎርማጆን ድማ የዳሉ። እዚ ትካል ንኸም ብዓል ሆቴል ኣስመራ ፓላስ፥ ዕደናታት ቢሻ፥ ዛራን ኣስመራን ሓዊስካ ንሓያሎ ሆቴላትን ኣብያተ መግብን ፍርያቱ ይሸይጥ። ጸቡቕ ተቐባልነት ከም ዘለዎ ድማ ወይዘሮ ኣዜብ ትሕብር። ኣብዚ ቀረባ እዋን ከኣ ኣብ ኣስመራ ኣብ ማርካቶ፥ ቲራቨሎን ኣኽርያን ጨናፍራት ብምኽፋት ፍርያቱ ንህዝቢ የቕርብ ኣሎ።

ክሳዕ 39 ሰራሕተኛታት ሓቝፉ ዝርከብ እዚ ትካል'ዚ፥ ፍርያቱ ናብ ደገ ክሰድድ ብምሕሳን ኣብ ሱዳን ጨንፈር ኣለዎ። እንተኾነ በቲ ኣብ ሱዳን ዝተኸሰተ ቀጠባዊ ዝቕባ፥ ብዙሕ ኣኽሳቢ ኩይኑ ኣይተረኸበን። ኣብ ቀጻሊ ኣብ ኢትዮጵያ ሰፊሕ ዕዳጋ ክህሉ ከም ዝኽእል ገምጊሞም ስለ ዘለዉ ኸኣ ፍርያቶም ናብኡ ክሸጡ ኣብ ተስፋ ይርከቡ። "እዚ ይኹን'ምበር፥ ንሕና ቀዳምነትና ኣብዚ ዓዲ'ዩ። ጠለብ

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል

ልቢ-ወለድ

ምስጢር

ጅሚ/ደጀን ተኽለ

ራብዓይ ክፋል

ካብቲ ክጸናተወሉ ዝጸንሑ ቦታ እልይ ኢሎም ናብ መኪናኦም ገጾም ሰጎሙ። እታ መንገዲ ሓንቲ ስለዝነበረት እቲ ሱበኣይ እውን ኣሰር ኣሰሮም ሰዓበ።

ናህር፡ ኑቲ ኩነታት ክጸወሮ ስለዘይከኣለ ገጹ እሰር ፍትሕ እናበለ፡ "ዝወለደት ትውለድ' ድያ ዝበለት ደራፊት። እዚ ሱበኣይ ኣብ ገለ ቦታ ወሲድና ንጋብዞ፡ ንሱ ድማ ገለ ብዘዕበአ ዝፈልጦ ኩነታት እንተለዎ የዕልለና፡ ኣይመስለካን!" ብምባል ንጻርኩ ተወከሶ።

ፍረሚናጦስ፡ "ኣመና ተሃዊኽካ፡ ህድእ ዘይንብል። እዛ ትርኢያ እንድያ እዛ ጕዝወት ናበይ ከይትኸይድ ኢኻ ፈሪሕካ?" በለ ንድሕሪት ገጹ ቁሊሕ እናበለ፡ "ሰምዒትና ምቁጽጻር ከድልየና'ዩ። ንጽባቐ ጥራይ ኣይኮናን ከምንዕዱ ዝወጻእና፡ ካልኦት ክስተብህልሎም ዘለና ነገራትን ረቛሒታትን ስለዘለዉ ትዕግስቲ ጸቡቕ'ዩ። ሃንደፍ ኢልና እዚ ጉዳይ ምስ ኣተናዮ ካልእ ክንቅበሎ ዘጸግመና ኢጋጣሚ ምስ ዘጋጥመናኸ ብኸመይ ኢና ክንወጽእ?" ብምባል ክጸንዑ ዘለዎም ነገራት ከም ዘለዉ ኩብርህ ዝደለየ ክመስል ርእሱ ኣድነነ።

"ጽባሕ! ጽባሕ'ዩ ዝወልድ። ኩሉ ነገራት ሎሚ ኣብ ኢድና እንከሎስ ናብ ጽባሕ ስለምንታይ ኣሰጋገሮ? ሕማቕ ቃል ዘዘርብ'ኳ የብልናን። ብጠጥ ገጥ ቅጫና ኑብስል፡ ኣጆኻ ኣይትፍራሕ! ቀደም ከምዚ ዘይነበርካ፡ እንታይ ደኣ ኴንካ ሎሚ?" በለ ግድን ክንትግብራ ኣለና እዛ ሓሳብ ብዘሰምዕ ቃና ርእሱ እናነቕነቐ።

"እዚ ፍርሒ ኣይኮነን ዓርከ፡ ክብሪ ናይቶም ሰድራ ንምሕላው'የ ዝዛረብ ዘለኹ። ንሓደ ዘይፈለጥካዮ ሰብ ብዛዕባ ካልኦት ሰድራ ምሕታት ኣዝዩ ከቢድ'ዩ። ምኽንያቱ ሰብ እንተፈተዀካ ጸጸቡቑ ሂቡ ሰማይ ይሰቕለካ፡ እንተጸሊኡካ ከኣ ሐሕማቑ ኣሸኪሙ ትሕቲ መሬት ይቐብረካ። እቲ ብልክዕ ምሳኻ ዝዘለዎ ኩነታት ንጉድኒ ገዲፉ፡ ብዛዕባኻ ብልክዕ ዝዛረብ ሰብ ውሑድ'ዩ። ስለዚ'ዩ ካብ ብዛውሪ ንገዛዝ ባዕልና ብዘጸናዕናዮ ማስመር ሰሊኽና ኣቲና ጉዳይና ብዓወት ክንዛዝሞ'የ ዝመርጽ፡" ብምባል መርገጺኡ ኣነጸረ።

ናብ መኪንኡ እናተጸግዐ "ሓሳብካ ኣይጸላእኩዎን፡ ብኹሉ ከርናዕ ጠሚትካን ኣገናዚብካን ስለዝረኣኻዮ ኢኻ። ኣነ ግን ዝብል ዘለኹ፡ እዚ ሱበኣይ ተላሊና ብዛዕባኣ ገለ ንሓትቶ። ኑቲ ጽባሕ ንገዛዝ ጉዕዞ'ውን የቕልለልና'ምበር፡ ኣየኽብደልናን'ዩ። እዛ ጉዳይ ናባኻ ገዲፈያ ኣለኹ። እዚ ሱበኣይ ከኣ መጺኡና፡" ብምባል ዘረብኡ ኣቋረጸ።

* * *

ክልቲኦም ፍቑራት ኣብቲ ቅልብኻ ዝስሕብ ብኣግራብን ዕንባቢታትን ዝማዕረገ መዛናግዒ ማእከል ሃዋኪል ብሕት ኢሎም ኣብ ዓሚቑ ዕላል ጥሒሎም፡ ኑታ ንኽትእዘዞም ኢላ ዝመጸት ኣሳሳዪት ከይተረፈ ዝሰምዕ እዝኒ ኣይነበሮምን። እቶም ኣብ ሰማይ ፋሕ ኢሎም ዝዘፉ ከዋኽብቲ'ውን ንፍቕሮም ዝዕጅቡ ዝዘፉ ክመስሉ ካብን ናብን እናተወንጨፉ ደረግፉ ነበሩ። እታ ብስክፍታ ዝኣክል ድሕሪ ነፍሲ-ወከፍ ሰላምታ 'እሕሕ' ትብል ዝነበረት ኣሳሳዪት ድሕሪ ደቓይቕ'ሲ ሰምዑዋ ደኣ።

ኢልቃና፡ "ክሳብ ልበይ ዝጠፍኣኒ'የ ኣፍቂረኪ ዘለኹ። ድምጺ ክሳብ ምስማዕ ዝስእን ኮይነ። ኣጸሊልክኒ ኣለኹ፡" ብምባል ኣጸብዕቲ ኢዳ ብምልዓል ጨቢጡ ሰዓማ።

ኣዛይዱ "ኣነኸ! ምሳኻዶ ኣይኮንኩን ዝጽለል ዘለኹ። እዛ ፍቕርኻ ናይ በይንኻ ገይርካ'ያ። ወለደይ ገዲፈ ምሳኻ እናምሰኹስ ኣነ ጥራይ'የ ዘፍቅረኪ ክትብለኒ ቅሩብ ሕፍር በል፡" ብምባል ክምስ በለት።

"መዓረይ፡ ፍቕሪ ምሃብ'ምበር፡ ምቕባል ኣይኮነን ስርሓ። ስለዚ፡ ማዕረ'ቲ እኽሎ ኢና እንቕበል፡ ከይሃብና ግን ክመጸና ዝኽእል ነገር የለን። ፍቕሪ ብባህሪኣ ሊጋስ'ያ። ከምዚ ኮማኺ ልዕሊ መጠን ሊጋስ ክትረክብ እንከላ ኸኣ፡ ከም ፈለግ-ኒል ጃሕ ጃሕ'ያ ተብሎ ጸግኣ። ፈጣሪ ዝሃበኒ ህያበይ ኢኺ ዘለላ መዓር። ኣብ ጉድንይ ኣብ እትህልውሉ እዋን መላእ ኣካለይ ብፍሰሃ'ዩ ዝሰራሰር። ጥዑም መኣዛ ፍቕርኺ ፍጹም ዝምኖ ኣይኮነን" ብምባል ኣብ ሕቑፉ ጥምጥም ኣበላ።

"ሓለንጊ ፍቕርኻ ከም ሓያል ዝናብ ኣብ ዝበኪይ ጽሕዩ ንዓመታት ኣሳጽዩኒ ዘሎ ንዓይ'ዩ። ወግሐ ጸብሐ ልበይ ብኣኻ ትኻቐል። ኣዒንተይ ክርኢያኻ ይሃርፋ። ኣጸብዐይ ክድህሰሳኻ ይህወኻ። እንድዒ! ኮይኖ ዘለኹ ናይ ጥዕና ኣይኮነን። ተጸሊለ ኣለኹ። እንተኾነ፡ ፈውሰይ ግን ፍቕሪ'ዩ። ኣብ ማእከል'ቲ ዘቋርጽ ዋሕዚ ፍቕሪ ድማ ንስኻ ኣለኻ። ኣብ ቀለበት ልበይ ሓወልቲ ፍቕሪ ሃኒጸካ፡ ንኹሉ ነገረይ ተቈጻጺርካዮ ኢኻ። ተምሳጥ ሓይሊ ፍቕርኻ ከም ሓጺን ዝረኸበ ማግኔት ስሒቡ ኣብ መዓሙቕ ፍቕርኻ ሸሚሙ ብሃንቀውታ ከም ዝጸበየካ ገይሩኒ'ሎ፡" ብምባል ኣብ እንግድዓኡ ምሉእ ብምሉእ ተጸግዐት - ኣፍቂረካ'የ! ዓለመይ ኢኻ! ብዘሰምዕ ቃና።

ኣጸብዕቲ ኢዱ ምስ ኣጸብዕቲ ኢዳ ብምትሕሓዝ "ፍቕረይ፡" በለ ብህዱእ ድምጺ። "ፍቕርና ሓደ ዝሰዕረሉ እቲ ሓደ ዝስዓረሉ ሜዳ ኩዕሶ እግሪ ዘይኮኑ ብፍቕሪ ማሚቕና ብማዕረ ውጽኢት ንፈላለየሉ ጸወታ'ዩ። ምኽንያቱ እቶም ከበሮም ንጸወታ ፍቕርና ዝከታተሉ ከም በዓል ሓልዮት፡ ተሰፋ፡ ርህራህ ወዘተ ዘኣመሰሉ ደያኑ፡ ፍርዶም ብማዕረ ንኽትፈላለን ንጽባሕ ብሓያል ወኒ ንኽትራኸብ ከም እንህንጠን ምድራኽ'ዩ ስርሖም፡" ብምባል ናብ ከናፍራ ብምልጋብ ምኡዝ ጣዕሚ ፍቕራ ክቐምስ ተሃንጠየ።

* * *

ፍረሚናጦስ፡ እንታይ ኢሉ መእተዊ ቃል ክዛረብ ከም ዘለዎ ኩሓሰብ ዝደለየ ክመስል ርእሱ ብምድናኑ፡ ጕታን ጸጕሪ ርእሱ ሓኸፍ ሓኸፍ ኣበለ። ድምጺ ሽፋሕታ እግሪ ናይቶም ክጸበዩዎም ዝጸንሐ ሱበኣይ ምስ ሰምዐ ክሳዱ ብምቕናዕ፡ "ኣቦ ከመይ ኣምሲኹም?" ብምባል ኢዱ ንሰላምታ ድሕሪ ምስዳድ፡ "እዚ ዓርከይ ናህር ይበሃል። ኣነ ኸኣ ፍረሚናጦስ እብሃል። እዚ ትርእዩዎ ዘለኹም ዓርከይ ካብ ሃገረ ጀርመን'ዩ ንዓዱን ቤተሰቡን ምስ ሰድራ-ቤቱ ክርኢ መጺኡ። ኣስመራን ጽባቐኣን ህዝባን ክላለ ዓቢ ባህጊ ስለ ዘለዎ'የ ምሳኹም ዘላልዩ ዘለኹ፡" ብምባል መልሶም ክሰምዕ ተሃንጥዩ ኣተኩሮ ተዓዘቦም።

ኣቶ ዛብሎን፡ "ኮርዒናዚ ወደይ! ኣቐድም ኣቢለ ንገዛ ክኣትው እንከለኹ ደው ኢልኩም የማን ጸጋም ትብሉ ነይርኩም ኣብቲ ኣፋፌት ገዛና። 'እዞም መንእሰያት ኢጋይሽ ይመስሉ' ኢለ'የ ሓሊፈኩም። ኣቶ ዛብሎን እብሃል ካብ'ዚ ገዛውቲ'የ። ኣስመራ እንተኾነት፡ ዋላ'ኳ እንተ ዘይተወለድኩላ ብሰንኪ ድኻት ካብቲ ዝተወለድኩሉ ዓዲ ወዲ ዓሰርተ ዓመት ምስ ኮንኩ'የ ተላልየያ። እንሆ ድማ፡ ሰላሳ ዓመት ተቐሚጠያ'የ። ከም ጻዕዳ ኢደይ'የ ዝፈልጣ እንተ በልኩኹም ከማን ምግናን ኣይኮነን" ብምባል ኣብ ዝነበሮም ዝነበረት ካርት እናመዓራረዩ ክምስ ብምባል ገጾም ኣብርሁ።

ናህር፡ እታ ዕድል ከይተምልጦ ዝፈርህ ክመስል ህውኽ ኢሉ፡ "እሞ ቅርሲ ወይ ዘይተገንጸለ መጽሓፍ ኢኹም ወዘበ ረኺብኩም ዘይትበሉና ደኣ" ብምባል ክምስ እናበለ መገሶም።

"እንጀራ እዝጊ ብላዕ'ዚ ወደይ። ኣንታ! ክንደይ ትልብም። ኣብ ከምዚ ዕድመ ክንደዚ ልቦና ኣሎ። ደቂ ሎሚ እዚ ቀለም ቀልጢፉ'ዩ ዘማዕብለኩም። ፈጣሪ እንቋዕ ዝአ ክንርኢ ኣብቅዓና። ዓለም ቁሸት ኮይና ኢኹም ትብሉ ደቂ ሎሚ። እዚ ከቢ ካብ መስረት ኣስመራ'ዩ ጸቡቕ ገይርኩም ሰኣሉም። ቅርሲ'ዩ ዓዲ ፍቕሪ'ዩ። ከምዚ ገዛውቲ ኣብ ዝኸድካ ኬድካ ኣይርከብን'ዩ። ካብ ሓንቲ መኣዲ ንበልዕ፡ ካብ ሓንቲ ፈሰቶ ማይ ንሰቲ። እዚ ገዛውቲ ዓዲ ጀጋኑ ዓዲ ሊቃውንቲ'ዩ" በሉ ኣፍ ልቦም ንፍሕ ኣቢሎም።

እታ ብፍትወት'ታ ሓንሳብ ብመሳኸቲ ኣዒንቱ ዝኣተወት ጕርዞ ተሓሚሳ ልዕሊ ንብር ህርመት ዲግ ዲግ እናበለት ተድምጽ ዝነበረት ልቡ ክይትሰማዕ ዝሰግአ ክመስል ኣጸብዕቲ የማናይ ኢዱ ኣብ ኣፍ-ልቡ ድሕሪ ምቕማጥ፡ 'ዓዲ ቈናጅ' ከኣ ረሲዕኩም በለ ብውሽጡ ምርሕ ኣቢሎም ኣብ'ታ ቤት ክእትውዎ እናተመነየ። "ብዘይ መደብ ደኣ ኮይኑ'ምበር፡ ሓደ ክልተ ምብልናኩም ደሓር ከኣ፡ ካብዚ ላዛን ቁም-ነገርን ዘለዎ ዕላልኩም ብዙሕ ታሪኽ ምፈለጥና፡" በለ ኣብ መኪንኡ ክሰቀሉ ምልክት እናገበረ።

"ኣነ'ኳ ኣብዚ እንዳ በኣለዝጊሄር ዘማስዩ መተዓልልቲ ስለዘለዉኒ ናብኡ'የ ሓሲበ። ካብ በልኩም ግና፡ ኣርሒቕ ከየበልኩም ኣብዚ ከበቢ ይሓይሽ። ከምዚ ትርእዩዎ፡ ዓይኑ-ብርኪ እናጠለመ'ዩ ዝኸይድ ዘሎ" በሉ ናብ'ታ መኪና እናተሰቕሉ። ዘይሓሰቡሉ ኣብ'ታ ማይ ትመስል መኪና ምስ ተሰቕሉ፡ ዝተቐዳደደ ክዳውንቶም ስክፍታ ፈጢረሎም።

ኳድሮ መኪና እናወልዑ፡ "ከማ ካብ ኣፍ-ደገ ገዛኹም ንወስደኩም ዘለና፡ ኣብ ገዛኹም ክንመልሰኩም ኢና። ጥራይ ምርቓ ኣይተውሕዱ፡" በለ ወላዲ'ታ ዝደልዩዋ ዘለዉ ጕርዞ ምኳኖም ተኣማሚኑ።

"ወደለ ኣቦኹም! ንስኹም ዘይተመረቕኩም ደኣ መን ክምረቕ?" ብምባል ኣድናቖቶም ገለጹ።

ብመደበር ምስ ወረደ ኣብ ከቢቢ ማይ ኣባሻውል ናጽኑት ፋሰት ፋድ ቀልብኻ ዝስሕብ መዚቃ ስለዝሰምዐ መኪና ኣጸጊዑ ልጓም ብምሓዝ "ኣብዚ ንዕናገዕ" በለ ምቕልል ኢሉ።

* * *

ኣቶ ዛብሎን ኣብ ከቢቢ ገዛኦም ካብ'ታ መኪና ወርድ ምስ በሉ ብዙሕ ከይሰገሙ'የም ደው ኢሎም። ከም ሎሚ ገይሩ ካብ ዝፍጠሩ ባህታ ተሰሚዑዎም ዝፈልጥ ኣይኮነን። ልዕሊ ዝኾነ ነገር ከኣ እቲ ሓሳቦሙሉ ዘይፈልጡ ደቂ ሃብታማት ጥራይ ዝረኽብኦ ዝመስሎም ዕድል ደቂ ወጻኢ ዝምርዓዋ ጕራዙ ኣብ ጓሎም ምስ በጽሐ ብሓገስ ዝኣክል ፍስሀ ኢሎም፡ 'እዚ ወዲ ጥዑይ ይመስል፡ ደሓር ከኣ ብጽባቑ ጓለይ ሃገን ዝበለ'ዩ ዝመስል። እቲ ኢጋጣሚታት ከኣ ይገርመካ፡ ንጓለይ ክከታተሉ'የም ንዓይ ረኺቦሙኒ። 'እዚ መን ደረኽቦ እዝጊ ዝሖ' ይብሉ ኣቦታትና። ኣነ ኸኣ ሎሚ ዕድልየና ኮይነ ኣምላኽ ካብ ድኽነትን መከራኡን ከገላግለኒ ወሲኑ። እዚ መላእ ስድራቤትና ዓይንና ከይተሓሰና ክንቅበሎ ዘለና በረኸት'ዩ። ዘይ ጓልና መን ለከምና። ሓደ ርቡሕ ሐዛ ነይራ እንተ ትኸውንዶ ሎሚ ንሕና ከምዚ ምኾንና ምኸበርና'ምበር፡" በሉ ብማስተ ዝጸገበ ከብዶም እናዳህሰሱ። 'ኣብ እርጋነይ ሃብቲ ክርኢ'የ መስለኒ' በሉ ዝተሓርፈፈ ኣጻብዕቲ ኢዶም ኑሓድሕዱ ኢጋጨወ። ኣኢጋሮም ካብ ደው ዝበሉዎ እናንቀሳቐሱ 'ኦ ፈጣሪ ተመስገን' ብምባል ክሳዶም ንላዕሊ ኣንቃዕሪሮም ጸሎቶም ኣዕረገ። 'ፈጣሪ ዓይኒ ኣሎዎ። እንሆ ድማ ንወጽዓይ በዚ ቅጭን ጓለይ ገይሩ ክሕሰኒ' በሉ ኣፍቃሪ ጓሎም ኣብ ስእሊ ኣእምሮኦም ቅድል ስለ ዝበሎም ውጥኖም ከይፈሸል ንእለት ሰግኡ በሉ። 'ነዛ ቁልዓ ሓብሉ ነዛ ጉዳይ ፋሕ ከየብሉ ክሳብ ኣብ ሓደ ነጥቢ ንበጽሕ ካብ ገዛ ክትወጽእ የብላን። ካብዚ ዝዓቢ ስራሕ'ኳ የለን ኮፍ ኢለ ዘይሕልዋ። መዋእልና ሰሪሕና ዘይረኸብናዮ ሃብቲ ብኢዱን ብእግሩን መጺኡና እንከሎስ ዓይነይ ክሓስዩሉ' ዝተጨማደደ ግንባሮም እናደረዙ። 'እታ ቁልዓ ኣብ ዘይብሉ ጽባሕ ኑታ ሰበይቲ ኣእሚኒያ ክጸንሕ ኣሎኒ። እዛ ዓለም ናብ ዘርብሓካ ሰብ ምጽጋዕ'ዩ ዘሎ መንገዱ። እዚ ጥጡሕ መንገዲ'ዚ ድማ ፈጺምካ ክኸስር የብሉን። ፍቕሪ ፍቕሪ ክትብል ክሳብ ሎሚ ኮላል ዘበላ ከማን ናትና ሕመቕ'ዩ። ኣብ ኣፈፊት ገዛይ ክረግጽ ከም ዘይብሉ ድማ ደዊልኪ ሓብርዮ ክበላ'ዩ። ብዘጊ ጸቡሕ መኣዲ ተቐሪቡልና እንከለስ ኣትረርካ ምሓዙ'ዩ እምበር፡" ብምባል ኑቲ ኢጋጣሚ ክረብሐሉ ከም ዘለዎም ምስ ኑብሶም ተረዳድኡ።

ይቕጽል ...

ተርመሰሚ

ሃብቶም ኢዮብ

እተመሳቐለ ቃላት



ንትኹል ዝምላእ

1) እንስሳ ዘቤት
2) ካብ 'በለን' ክልተ ቃላት
3) ግንቦት ብእንግሊዝኛ
6. ጋንታ ብግልባጥ
7. ጉዳማዊ ክፉል ናይ መጽሓፍ ወይ ጥራዝ
10. ዞባ ጋሽ ________
12. ልሰሉሰ ማስተ
13. ቀድሚ ሓደ ዝርከብ ቁጽሪ

ንጋድም ዝምላእ

1. ባህላዊ ፊውሲ
4. __________ ተገልቢጦ (ምስላ መልእ)
5. ንኡቢሪ ወይ ን________________ (ብፊደል 'ን' ጀሚርካ ናይ እንግሊዝኛ ቃል ኣብ ባዶ ቦታ ይምላእ)
8. ማስርዕ
9. ባር ብግምጣል
11. መኪና ደው ምስ በለት ኣብ እግራ እንጉብሮ መደገፊ
12. ኣብ ኣውስትራልያ እትርከብ እንስሳ

መምህር የናስ ብርሃ
ካብ BSKS ኣስመራ

እዚ ቕንያት'ዚ ቅነ ፈተና፡ ውጽኢት ፈተና ዝፍለጠሉ፡ ኣብ ገለኡ ከባቢታት ድማ ምዕጻው ትምህርቲ'ዩ ኹይኑ ቀንዩ። ዘቢብን ዘቢባን ብዛዕባ'ዚ ዘዕልልኦ ኣለወን።

"ከመይ ቀኒኺ መሓዛይ?" በለት ዘቢባ።

"እዋእ! ብሓንሳብዶ ኣይቀነናን ደኣ 'ከመይ ቀኒኺ' ትብልኒ" ተገረመት ዘቢብ።

"ኣይቀነኹን"

"ኣይቀነኹን?" ንሕቶ ብሕቶ መለሰት ዘቢብ።

"እወ ኣይቀነኹን" ሰሓቐት ዘቢባ።

"ኣይ! ገለ ደኣ ኽትብሊ ደሊኺ እምበር እዝስ ኣይዘረባን። እንታይ ኢኺ ክትብልኒ ደሊኺ?"

"ኩሉ ኣቓልቦና ኣብ ፈተና እንድዩ ኹይኑ ቀንዩ ግዲ። ስለዝስ ዳርጋ ብሓደ ዘይቀነና'ዩ ክሕሱብ ዝኽእል። ሓንጎልናስ ብፈተና ተታሒ. . . . . ."

"ገለ ክትብሊ ደሊኺ ከም ዝጸናሕኪ'ኮ ጠርጠረ ነይረ'የ። ብዝኾነ ፈተና ከመይ ሓሊፉ?"

"ፈተና ጽቡቕ ነይሩ። ብኣኺ ወገንከ?"

"ደሓን ነይሩ ኩበለኪ ይሓይሽ። ግና ሓደ ዘተሓሳሰበኒ ነገር ኣሎ?"

"እንታይ'ዩ?"

ዘቢብ ዘቢባ

"ሓደ ሰብዶ ዓመት ዓመት ሓደ ዓይነት ጌጋ ይፍጽም'ዩ?"

"ኣይውረድ? እንታይ ኣጋጢሙኪ" በለት ዘቢባ። ብውሽጣ ብዛዕባ ታህዋኽ መሓዝኣ ትሓስብ ነበረት። መሓዝኣ ብታህዋኽ ኣብ ፈተና ጌጋ ፈጺማ ከይትኸውን ጥርጣረ ኣሕዲራ።

"ዓመት ዓመትሲ ሓደ ዓይነት ጌጋ ይደግም? እሞ ድማ ኣብ ፈተና?" ዘቢብ ብመልሲ መሓዝኣ ፍጹም'ያ ተገሪማ።

"እወ ይፍጽም'ኮ እብለኪ ኣለኹ"

"ኣነስ ጓሊይ ኣይመስለንን"

"ኣቲ ዘቢብ እንታይ ኩይኑ ዘይመስለኪ?"

"እስከ ኣብኡት ጌርኪ ኣረድእኒ"

"ብኣብኡት ከረድኣኪ?"

"እወ"

"ንኣብኡትሲ. . . . . " ዘቢባ ኽትሓስብ ካልኢታት ኣሕለፈት። "ንኣብኡት እቲ ተመሃራይ ዓሚ ኣብ ፈተና ብታህዋኽ ክምልሶ ዝግብኦ ሕቶ ተጋግዩ ንብል። ውጽኢት ናይ ፈተና ምስ ረኣየ ደጊሙ ንኸይህወኽ ምስ ኑብሱ ቃል ይኣቱ። ንዓመትኡ ድማ ከምኡ ዓይነት ጌጋ ይፍጽም። ኣብዚ እቲ ቀንዲ ክሕሰበሉ ዘለዎ ብሓፈሻ 'ምህዋኽ' እዩ እምበር ኣብ ፈተና ዝርኣ ታህዋኽ ጥራይ ኣይኮነን።"

"እንታይ ክትብሊ ከም ዝደለኺ ኣሕጽር ኣጽፍፍ ኣቢልኪዶ ክትነግርኒ?" በለት ዘቢብ ኑቲ ፍረ ነገር ክትሕዞ ስለ ዘይከኣለት።

"ብሓጺሩሲ ሰብ ባህሪኡ'ዩ ክቕይር ክሓስብ ዘለዎ እምበር ከምዚ ናይ ፈተና ወይ ስራሕ ጌጋታት ጥራይ ኣይኮነን ክእርም ዘለዎ። ኣብ ፈተና ብታህዋኽ እንተ ተጋጊዩ ኣብ ካልእ ሂወቱ'ኸ ክሳዕ ክንደይ ከም ዝተጸልወ ክሓስብ ኣለዎ። 'ኣብዚ ፈተናስ ተሃሰየ፡ ኣብ ካልእ ስርሐይከ ብሰንኪ ታህዋኽ ዘበላሸኹዎ ነገር ይህልወኒዶ?' ኢሉ ክሓስብ ኣለዎ። ብኸምዚ ኸኣ ኣብ ኩሉ ኣካይድኡ ናይ ምህዋኽ ባህሪኡ የመሓይሽ። ኣብ ኩሉ እንተ ኣመሓይሹ ኸኣ ኣብ ፈተና'ውን ከወግዶ ጸገም ኣይህልዎን። ባህሪ ኣብ ኩሉ'ዩ ዝንጸባረቕ። ኣብ ፈተና ወይ ዘይፈተና ጥራይ ኢልካ ክትፈልዮ ትኽእል ኣይመስለንን። ዘረባዶ ኣንዊሒልኪ?"

"ጽቡቕ ሓሳብ ኢኺ ሂብክኒ መሓዛይ። እዚ ኹሉ ደኣ ከመይ ገይርኪ ሓሲብክዮ ጓለይ?"

"ሓደ ንባባ ዝፈልጦ መምህር'ዩ ብቐዳማይ ከምኡ ኢሉኒ"

"ኣቲ እዞም መማሃራንሲ ክንደይ ደስ ይብሉኻ'ዮም ጓሊይ"

"እሂ"

"ብቐዳማይ ከኣ ሓንቲ መሰታይ ትኾውን ጓል ሓትነይሲ ክፍተና ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸዳ ከለዋ መኪና ሰኢነን. . . . " ዘቢብ ዘረባኣ ከይወድኣት ከላ መሓዝኣ ኩለፈታ።

"እሞ ፈተና ሓሊፋወን ማለት ዲዩ?" ዘቢባ ኣብ ገጻ ብርቱዕ ሰንባደ ኣርኣየት።

"ኣይሓለፈንን"

"ኡፍፍፍፍፍፍፍ! እንቋዕ ኣይሓለፈን። ሕጂ ድላይኪ ኢልኪ ኩተዕልሊ ትኽእሊ ኢኺ"

"ንሳን ክልተ መሓዙታን እንድየን ነይረን፡ ሰልዲ ምእካል ኣብዩወን። ፈተና ዝጅመረሉ ሰዓት ከኣ ዳርጋ ኣኺሉ'ዩ። ኑቲ ኣውቲስታ ሰዓት ኣኺሉና ኹይኑስ በጃኻ ኢለንኦ"

"ኣብዩወን ጥራይ ከይትብልኒ!"

"ናይ ክልተ ዝኸውን ነይሩወን፡ ናይታ ሳልሰይቲ ጥራይ ይተርፈን ነይሩ። ኣውቲስታ ኣብዩወን። ሽዑ ሓደ ቀደም መምህር ዝነበረ ሰብ ኣብታ መኪና ጸኒሑ ምስ ሰምዐ ተቛይቑዎ። 'ደይባ ባዕለይ ክኸፍለልክን'የ' ኢሉ ንሰለስቲኣን ከፊሉለን"

"ኤእ መምህር ደኣ እንታይ ደሊኺ! መምህርኮ ንኹሉ ዝምህር'ዩ። ናይ ተመሃሮ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ዝኾነ ሰብ ሽግር ይፈልጥ፡ ይርድእ፡ ይሕግዝ። ኣነ'ኳ መምህር ክኸውን'የ። ደሓርከ'ሞ ኣመስጊነንኦዶ?"

"ምምስጋን ጥራይ? ተሌፎኑ ከማን ሓዚየን ኣለዋ።"

"እሞ ክድውላሉ'የን"

"ምድዋል'ኳ ክውሕዶ። ኣነ ነታ ጓል ሓትነይ ክድውለላ እንድየ መልሲ ድማ ከምጽኣልኪ'የ"

"ሕራይ"

"በሊ ካልእና ነዕልል"

ብድሕሪዚ ሕሹኽሹኽ እናበላ ምስ ዓቢያ እንታይ ክገብራ ከም ዝደልያ ከዕልላ ጀመራ።

ሰሓቕን ንብዓትን

ሓደ እዋን ሓርገጽን ዝበኽን ኣብ ገምገም ቀላይ ተራኸቡ። ሽዑ ከምዚ ኽብሉ ኣዕለሉ፡

"ከመይ ኣለኻ ዝሓወይ ደሓንዶ ኣለኻ?" በሎ ሓርገጽ ንዝበኣ።

"ደሓን ዝሓወይ ንስኻኸ ከመይ ኣለኻ? ናብራኻ ከመይ ኣሎ?" መለሰ ዝበኣ።

"ኣታ ወደይ ካልእሲ ደሓን ነይሩ፡ ግና እንታይ'ሞ ንኻልኦት ንፍጡራት ደንገጸ ወይ ድማ ብኻልእ ምኽንያት እንተ ነብዒኩ 'ኣይ ንብዖት ሓርገጽ' እናተባህለ መመሰሊ ኩይኑ፡ ዝርድኣለይ የብለይን" በለ ሓርገጽ እናሰቁርቁረ።

"ንስኻ ናይ ንብዖትካ የርመካ ኣሎ። ንብዖት ደኣ መን ይፈትዎ? ናተይከ ደኣ እንታይ ክበሃል'ዩ! ዘሐጉስ ነገር ረኺበ እንተ ሰሓቕኩስ 'ሰሓቕ ዝበኢ ማዘንግዒ' እናተባህለ ዝኣምዚ ስኢነ" በለ ዝበኢ ብምስትምሳል።

ዝተፈላለዩ ዝመስሉ ኣበሃህላታት ወይ ነገራት ሓደ ዓይነት መልእኽቲ ክህልዎም ይኽእል'ዩ።

ምንጪ - መጽሓፍ ኻሊል ጂብራን (The wandered እትብል)

ቀኑጽሪ

ንሎሚ እውን ኣብዘ ናእሰ ዓምድና ካብ ኣደናቕቲ ሓቅታት ናይ ቁጽሪ ኢና ክንርኢ። እቲ ኣገራሚ ባህሪ ብኣብኡት ተሰንዩ ክቐርብ'ዩ። ንዝያዳ መረዳእታ ድማ ባዕልናን ኣብነታት ወሲኽና ክነረጋግጾ ኢና። ብዘይካዚ ኣጉዳሲ እትብሉዎ ትሕዝቶ ክትልእኩ ከም እትኽእሉ'ውን ክንሕብር ንፈቱ።

1) ዝኾነ ቁጽሪ ምስ ገዛእ ነብሱ ምስ ኣርቢሕና እንረኽቦ ውጽኢት ንቑጽሪ 8 ምስ እንመቕሎ ዝመጽእና ተረፍ 0 ወይ 1 ወይ ድማ 4 እዩ።

2) ቁጽሪ 21978 ብቑጽሪ 4 ምስ እኣርቢሐ እቲ ዝመጽእ ውጽኢት ግምጣል ናይዚ ቑጽሪ'ዩ።

3) 13 ምስ ገዛእ ኑብሱ ረቢሑ 169 ይመጽእና። ነዚ ቑጽሪ ገምጢልና ምስ እንጽሕፎ ድማ እቲ ውጽኢት ይግምጠል፡ ቁጽሪ 12 እውን ተመሳሳሊ ባህሪ ኣለዎ።

መረዳእታ

1) ዝኾነ ቑጽሪ ምስ ገዛእ ኑብሱ ምስ ኣርቢሕና እንረኽቦ ውጽኢት ንቑጽሪ 8 ምስ እንመቕሎ ዝመጽእና ተረፍ 0 ወይ 1 ወይ ድማ 4 እዩ።

ዚ ኣብነት ንምርዳእ እቲ ቁጽሪ ምስ ገዛእ ኑብሱ ረቢሑ ካብ 8 ከም ዝዓቢ ነገራግጽ። ብድሕሪኡ ኑቲ ዝመጽእና ውጽኢት ን8 ንመቕሎ። ተረፍ 0 ወይ 1 ወይ ድማ 4 እንተ ዘይመጺኡ ገለ ጌጋ ፈጺምና ከም ዘለና ንፈልጥ።

- 2 ምስ ገዛእ ኑብሱ ነርብሖዮ፡፡ 2 x 2 = 4፡ እቲ ዝመጽእና ውጽኢት ማለት 4 ካብ 8 ኣይዓብን'ዩ። ስለዚ ኣየድልየናን'ዩ።

- 3 ምስ ገዛእ ኑብሱ ነርብሖዮ፡፡ 3 x 3 = 9፡ እቲ ዝመጽና ውጽኢት ማለት 9 ካብ 8 ይዓቢ'ዩ። ስለዚ 9 ን8 ንምቀሎ።

9 ÷ 8 = 1 ከምኡ ድማ 1 ተረፍ ኣሎና።

- 4 ምስ ገዛእ ኑብሱ ነርብሖዮ፡፡ 4 x 4 = 16፡ 16 ን8 እንተ መቒልናዮ ዝመጽና ተረፍ 0 እዩ።

- 5 ምስ ገዛእ ኑብሱ ነርብሖዮ፡፡ 5 x 5 = 25፡ 25 ን8 እንተ መቒልናዮ 3 ምሉእን ሓደ ተረፍን ኣሎና።

ስለዚ ዝኾነ ቑጽሪ ምስ ገዛእ ኑብሱ ረቢሑ ብ8 ምስ ዝምቀል ዝህልወና ተረፍ 0 ወይ 1 ወይ ድማ 4 እዩ። ንፈትኖ!

2)

ቁጽሪ 21978 ብቑጽሪ 4 ምስ እኣርቢሐ እቲ ዝመጽእ ውጽኢት ግምጣል ናይዚ ቑጽሪ'ዩ።

21978 X 4 = 87912 ብዝበለጸ ንኽርድኣና ባዕልና ኣርቢሕና ንፈትኖ።

3) 13 ምስ ገዛእ ኑብሱ ረቢሑ 169 ይመጽእና። ነዚ ቑጽሪ ገምጢልና ምስ እንጽሕፎ ድማ እቲ ውጽኢት ይግምጠል፡ ቁጽሪ 12 እውን ተመሳሳሊ ባህሪ ኣለዎ።

13 X 13 = 169; ንቑጽሪ 13 ገምጢልና ምስ እንጽሕፎ 31 ይኸውን። ን31 ምስ ገዛእ ኑብሱ ምስ እኣርቢሐ ግምጣል ናይ 169 ክመጽእና ኣለዎ። 31 x 31 = 961

ባህሪ ናይ ቁጽሪ 12 እውን ንርአ።

12 x 12 = 144

ንቑጽሪ 12 ገምጢልና ንጽሓፎ'ሞ 21 ክኸውነልና'ዩ። ቁጽሪ 21 ምስ ገዛ ኑብሱ እንተ ኣርቢሕናዮ ግምጣል ናይ 144 ማለት 441 ክመጽእና ኣለዎ።

21 x 21 = 441

ንስኹምከ እትፈልጥዎ ኣገራሚ ባህሪ ቁጽርታት ኣሎዶ?

ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

ማራቶን ኣስመራ 2019

ንኣዋርሕ ምድላዋት ክካየደሉ ጸኒሑ'ዩ። እዚ ንብርክት ዝበሉ ወጻእተኛታት ኣትሌታት ዘሳተፈ ውድድር፡ ሓያል ቅልስ ክረኣየ እውን ብኣጋኡ ተገሚቱ ኣሎ። ኣብ ታሪኽ ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኣሽሓት ዶላር ሽልማት ዘወሃብ እውን ብምዃኑ እዚ ጽባሕ ዝካየድ ውድድር ናይ ፈለማ ይገብሮ - ማራቶን ኣስመራ 2019!

ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ካብ ኬንያ፡ ኢትዮጵያ፡ ኡጋንዳን ታንዛንያን ዝመጹ ኣትሌታት ኣስመራ ኣትዮም ኣለዉ። ክልተ ካብ ኬንያ፡ ሰለስተ ካብ ኢትዮጵያ፡ ሰለስተ ካብ ኡጋንዳ ከምኡ ድማ ካብ ታንዛንያ ኣትሌታት ዝርከቡዎም 14 ልኡኻት ኣስመራ ኣትዮም ኣለዉ። ኢትዮጵያውያን ከምኡ ድማ ኡጋንዳውያን ኣትሌታት ምስ ኣሰልጠንቶም ናብ ኣስመራ ምእታዎም ዋና ጸሓፊ ሃገራዊ ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኣቶ ታደሰ ጉብሩ ንጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ሓቢሩ።

ጽባሕ ካብ ሰዓት 7፡00 ቅ.ቀ ጀሚሩ ኣብ ዝካየድ ውድድር ኣትሌታትን ውድድር ሓብራዊ ጉያን ካብ ሲቲ ፓርክ ክበገስ እዩ። ኣብዚ ውድድር'ዚ ኣትሌታት ኩሉን ዞባታትን ሚኒስትሪ ምክልኻን'ውን ክሳተፉ እቲ መድረኽ ክፉት ምህላዉ ይፍለጥ።

ኣስታት 50 ኣትሌታት ውሽጢ ሃገር ኣብ ዝሳተፉሉ እዚ ውድድር ማራቶን ኣስመራ፡ ካብ ክሉብ ደንደን ከም ፍረዝጊ መኮንን፡ ፔጥሮ ማሞ፡ ፍረዝጊ ጼጋይ፡ ግርማይ ትካቡ፡ መሓሪ ጼጋይ፡ ካብ ዞባ ማእከል ከም ሓጅ ሓምድ፡ ተስፋብርሃን እስቲፋኖስ፡ ፈረጅ ሓምድ፡ ቃልኣብ ሰለሙን፡ ካብ ዞባ ደቡብ ከም ክብሮም ገብረእግዚኣብሄር፡ የናስ ያቆብ፡ ደብሳይ ጸገን ካልኦትን ተሳቲፎም ክኾኑ ትጽቢት ይግበር።

ኣስመራ ማራቶን 2019 ክልተ ውድድራት ዝሓቖፈ ኮይኑ፡ ደቂ ተባዕትዮ ናይ ማራቶን ደቂ ኣንስትዮ ድማ ናይ ፍርቂ ማራቶን ውድድር እዮም ክካየዱ። ንፈለማ እዋን ኣህጉራውያን ኣትሌታት ኣብ ዝሳተፉሉ ዘሎ ኣስመራ ማራቶን 2019፡ ንዕወታት 16,500 ዶላር ሽልማት ክመቓረሑ ተዳልዩ ኣሎ። ኂ ኂ ኣስመራ ማራቶን፡ ሓብራዊ ጉያ'ውን ተሰሪዑ ኣሎ።

እዚ ውድድር እዚ፡ ኣህጉራዊ መለክዒታት ዘማልእ ውድድር ንምግባር ልኡኻት ያፍን AACን ተዓዲሞም ምህላዎም ይሕበር።

ሃገራዊ መድሕን ኮርፖረሽን ኤርትራ፡ ቶታልን ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላትን ቀንዲ መወልቲ ናይዚ ውድድር ምዃኖም ዝተረኽበ ሓበሬታ የጽር።

ውድድር ንዋንጫ ቦቾፊላ ተዛዚሙ

ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ዝተኻየደ ውድድር ኩዕሶ ሰኪዔት "ዋንጫ ቦቾፊላ" ዞባ ማእከል፡ ትማሊ ሓሙስ ኣብ ሜዳ ቦቾፊላ ብዓወት ጋንታ ሳዋ ተዛዚሙ።

ኣብ'ቲ ሜዳ ቦቺዮፊላ ብብዙሓት ተዓዘብቲ ዝማሞቐሉን ካብ ሰዓት 7:00 ድ.ቐ ጀሚሩ ድማ ዝተኻየደን ዛዛሚ ግጥም፡ ሳዋን ሲቲ-ሰንተርን እየን ኣብ ሜዳ ተራእየን።

ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ግጥማት እዘን ጋንታታት ተዓዊታ ዝነበረት ብኣሰልጣኒ ተስፋኣለም ኣብርሃም እትምራሕ ጋንታ ሲቲ-ሰንተር፡ ነቲ ናይ ዋንጫ መን ወሰደ ውድድር'ውን ብዓብላልነት ብምጅማር ንቀዳማይ እብረ ብጠፈሕ (24 ብ11) መሪሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ'ውን ብተመሳሳሊ፡ ጋንታ ሲቲ-ሰንትር (18-ብ11) ብዝኾነ ወጽኢት መሪሕነታ ኣደልዲላ።

ሲቲ-ሰንተር ጸለውቲ ተጻወትታ ብመቐጸዕቲ ክትከስሮም ብምግዳዱ፡ ጋንታ ሳዋ ድማ ዝመዝሚዝ ተጻወትታ ብዘርኣዩዎ ሓያል ወህደት፡ ንዝተጸረፈሎም ገፊሕ ጋግ ብምጽባብ ጸወታ ናብ ረብሓኦም ብምቕያር ኣብ ሳልሳይ እብረ ጸወታ (19-ብ6) ናብ ዝኾነ ወጽኢት ቀይሮሞ።

ኣብ ራብዓይ እብረ፡ ህልኽ ናይ'ዘን ክልተ ጋንታታት ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ጋንታ ሳዋ ጸወታ ክዛዘም ክልተ ደቓይቕ ምስ ተረፋ፡ ወጽኢት ማዕረ (64-ብ64) ከምዝኾነውን ብምግባር ጸወታ ናብ ተወሳኺ ሰዓታት ከምዝምርሕ ገበረት።

ዕወት ናይቲ ግጥም ናብ ዝፈለየ ሓሙሻይ እብረ፡ እታ ብድራማዊ መልክዕ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ ዝተማራረየት ብብዙሓ

ደገፍታ ማሚቓ ዝነበረት ጋንታ ሳዋ (77-ብ71) ብዝኾነ ወጽኢት ብምርታዕ ጉብለል ብምዃን ን"ዋንጫ ቦቾፊላ" ናብ ኩቡላ ኣእትያታ።

ኣብ'ዚ ግጥም ተጻዋታይ ጋንታ ሳዋ እስራኤል ሙሉጌታ፡ ንጋንታኡ 38 ነጥቢ ከመዝገበላ ብምኽኣሉ እቲ ካልእ ደሙቕን ሰሓቢን ሸነኽ ናይ'ቲ ግጥም'ዩ ነይሩ።

ኣብ መወዳእታ ክልቲአን ጋንታታት፡ ዝተዳለወለን ዋናጩን መዳልያታትን ካብ ናይ ክብሪ ዕዱማት ተቐቢለን።

ሻምፒዮን ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል

ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ዝቐጸለ ውድድር ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን ኤ ዞባ ማእከል፡ ደንደን ንኣኽርያ 1-ብ0 ክትረትዓ እንከላ፡ ቀይሕ ባሕሪ ድማ ንፓራዲዞ 4-ብ0 ደፊኻታ።

ኣኽርያ ኣብ ታሕተዋይ ደረጃ ናይዚ ውድድር'ዚ እትርከብ ጋንታ ምስ ምዃና፡ ምስ ደንደን እተካየዶ ግጥም ኣገዳሲ ክብደት ከምዝነበሮ ተገሚቱ ነይሩ። ብኣንጻሩ፡ ኣኽርያ ዝሓሸ ጸወታ ብምርኣይ ኣብ ልዕሊ ደንደን ጸቕጢ ክትገብር እያ ተራእያ።

ዓብይ ክሉብ ደንደን ክሱብ ማብል 23 ደቒቕ ናይቲ ግጥም ኣድብያ ብምጽናሕ ተጻዋታያ ፊልሞን ጥዑምእዝጊ ብዝቖጸራ ሹቶ ክትመርሕ ጀሚራን ናብ ዕረፍቲ ድማ ኣቕኒዓን።

ኣብ ካልኣይ ፍርቂ ኣኽርያ ንልዖት ደንደን ብምጡ ክትፍትን እኳ እንተተራእየት፡ ንዝተመዝገበታ ሹቶ ከተመዓራርይ ግን ኣይከኣለትን። 1-ብ0 ተረቲዓ ምሉእ ሰለስተ ነጥቢ ከሰረ።

ቀጺለን ዝገጠማ ቀይሕ ባሕርን ፓራዲዞን እየን። ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዓሰራይ ደቒቕ ፍጹም ቅላዕ ረኺባ እኳ እንተነበረት፡ ከተመዝግቦ ኣይከኣለትን። ክልቲአን ጋንታታት ከኣ ናብ ዕረፍቲ ብዜሮ ሹቶ ኣምርሓ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ዓብለሎም ተኸሲዝጊ ኣብ ማብል 50 ደቒቕ፡ ሚልኪያስ ቀላሚጦስ ኣብ ማብል 65 ደቒቕ ከምኡ ድማ ዓሊ ዑስማን ኣብ ማብል 70ን 85ን ደቓይቕ ብዘመዝገቡወን ሹቶታት ቀይሕ ባሕሪ 4-ብ0 ተዓዊታ።

እንታይ ከ ይስማዕ ኣሎ?

+ ማንቸስተር ዩናይትድ ንናይ ክንፊ ተጻዋታይ ክሉብ ስዋንሲ ዳንኤል ጀምስ ክትዕድግ ተሰማሚዓ። እዚ ወዲ 21 ዓመት ዌልሳዊ ተጻዋታይ፡ ትማሊ ሕክምናዊ መርመራ ምክያዱን ክታሙ እንተደኣ ኣንቢሩ ድማ ቀዳማይ ኣብ ትሕቲ ኣሰልጣኒ ሶልሻየር ዝፈረመ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ክኸውን እዩ። ካብ ኣካዳሚ ስዋንሲ ዝፈረየ ጀምስ፡ ኣብ ዓመተ ስፖርት2018/'19 38 ጸወታታት ኣካይዱ። ሓሙሽተ ሹቶታት ድማ ኣመዝጊቡ።

+ ኮኾብ ተጻዋታይ ብራዚል ነይማር፡ 'ብምግሳስ ደቂ ኣንስትዮ' ተኸሲሱ ኣብ መደበር ፖሊስ ሪዮ ዲጃኔሮ ቃሉ ከምዝሃበ ተሓቢሩ። ኣብ ዝሓለፈ ሳልስቲ ኣብ ዓንኬር ዓንካሪቱ ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ካብ ውድድር ኮፓ ኣመሪካ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝተኣልየ ዝተሓበረ ወዲ 27 ዓመት ነይማር፡ 15 ግንቦት ኣብ ፓሪስ ኣብ ዝርከብ ሆቴል እዩ ንናጂላ ትሪንዳደ ንዝተባህለት ጓልኣንተይቲ 'ዓሚጹካ' ተባሂሉ ብፖሊስ ክሲ ቀሪቡሉ ዘሎ። ጽኡይ ሓበሬታ ናይቲ ፍጻመ ዛጊት እኳ እንተዘይተሓበረ፡ ምስዚ ብራዚላዊ ኣብ ምውዕዋዕ ዝጦፉ ከም ማስተር ካርድ ዝኣመሰላ ዓበይቲ ትካላት እዚ ናይ 'ዓመጽ' ጉዳይ ፍርዲ ክይረኽበ ውዕለን ከምዘደስክላኦ ኣፍሊጠን ኣለዋ። እዚ ተጻዋታይ ፈረንሳዊት ክሉብ ፒኤሰጂ፡ ሃገሩ ምስ ቐጠር ምሕዝነታዊ ጸወታ ኣብ ተካይደሉ ዝነበረት መጉዳእቲ ከምዘገጠሞ ዝዘከር ኮይኑ፡ ብራዚል ድማ 2-ብ0 ምዕዋታ ይዝከር።

ዝኸበረ ተጻዋታይ ዓለም ዝኾነ ነይማር፡ ኣብዚ ሃገሩ ባዕላ እተኣንግዶ ውድድር ኮፓ ኣመሪካ ክሳተፍ ዘለዎ ተኽእሎ ኣዝዩ ትሑት ምዃኑ ይንገር። ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ቀዳማይ ጸወታኣ 14 ሰነ'ያ ኣንጻር ቦሊቭያ ምዃኑ ኣቐዲሙ ዝወጸ መደብ ይሕብር። ነይማር ኣብ 2017 ክብረ ወሰን መሰርሕ ምስግጋር ተጻዊቱ ብዝሰበረ መጠን ገንዘብ 198 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ባርሰሎና ናብ ፒኤሰጂ ድሕሪ ምስግጋሩ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት ኣብ የማናይ እግሩ ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ንሰለስተ ኣዋርሕ ካብ ጸወታ ርሒቑ ከም ዝነበረ ይፍለጥ።

+ ሪያል ማድሪድ'ን ንኤደን ሃዛርድ 88 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ብምግባር ካብ ቸልሲ ንምፍራም ከምዝተቓረበት በቢሲ ትማሊ ኣማሲያኣ ኣፍሊጣ። ዝመጽእ ዓመተ ስፖርት ምስ ቸልሲ ዘለዎ ውዕል ዝበቅዕ ሃዛርድ፡ ክለቡ ዋንጫ ዩሮፓ ሊግ ኣብ ዘለዓለትሉ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኣንጻር ኣርሰናል፡ ክልተ ሹቶታት ከመዝግብ ክኢሉ እዩ። ኣብ 2012 ካብ ሊል ናብ ቸልሲ ዝተሰጋገረ እዚ በልጃማዊ ተጻዋታይ፡ ማልያ ቸልሲ ወድዩ 352 ጸወታታት ከካይድ እንከሎ 110 ሹቶታት ድማ ኣመዝጊቡ። ክክልተ ግዜ ዋንጫ ፕሪመር ሊግን ዩሮፓ ሊግን ዘልዓለ ሃዛርድ፡ ንዋንጫ ኤፍ ኤ ካፕን ናይ ሊግ ካፕን እውን ኢዱ ኣንቢሩለን እዩ።

+ ክሳብ ጥሪ 2020 ሓድሽ ተጻዋታይ ከይተፈርም ብፊፋ መቕጻዕቲ ዝተበየነላ ክሉብ ቸልሲ፡ ነዚ ጉዳይ ናብ ላዕለዋይ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ስፖርት ከምዘቕረበቶ ተሓቢሩ። ቸልሲ፡ ትሕቲ 18 ዓመት ንዝኾኑ ወጻእተኛታት (ዘይእንግሊዛውያን) ተጻዊቱ ብዘይ ሕጋዊ መስርሕ ብምፍራማ እያ እቲ መቕጻዕቲ ዝተበየነላ።

+ ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት ኣብ ክሉብ ስቶክ ብመልክዕ ልቓሕ ክጻወት ዝጸንሐ ኣሽሊ ዊልያም ካብ ዋንኡ ክሉብ ኤቨርተን ተፋንዩ። ሓለቓ ጋንታ ዌልስ ዊልያም፡ ኣብ 2016 እዩ ካብ ስዋንሲ ብ12 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ኤቨርተን ተሰጋጊሩ። ምስ ኤቨርተን 73 ጸወታታት ዘካየደ ዊልያም፡ ዝሓለፈ ዓመተ ስፖርት ኣብ ስቶክ ዝከኣደ ምንቅስቓስ ከምዝርኣየ ይግምገም። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ካብ 2007 ጀሚሩ ምስ ኤቨርተን ዝተሰለፈ ተኸላኻሊ ቤይንስ ንሓደ ዓመት ኣብ ጉዲሰን ፓርክ ዘጽንሓ ውዕል ምፍራሙ ተገሊጹ። ወዲ 34 ዓመት ቤይንስ፡ ዝመጽእ 30 ሰነ እዩ ምስ ኤቨርተን ዘጽንሖ ውዕሉ ዘብቅዕ ዝነበረ። ኣብ ዝሓለፈ ሳልስቲ፡ ሓለቓ ጋንታ ኤቨርተን ፊል ጃጊልካ ድሕሪ ናይ 12 ዓመታት ጽንሖት ኣብ ሜዳ ጉዲሰን ፓርክ ከምዝተፋነወ ይዝከር።

** ** **

ምልክታ

እምነት ኣማኑኤል - በይሉል ገብረሚካኤል

ዞባ ማእከል ኣስመራ

ትሕቲ ዕድመ ፊላደልፊያ ደሳለ ስለጽዮን ብወለዳ ኣቶ ደሳለ ስለጽዮን ተኸለን ወ/ሮ ሊድያ ክፍላይ ገብረወልድን ኣቢላ፡ ፊላደልፊያ ደሳለ ስለጽዮን ምባል ተሪፉ፡ ሚካል ደሳለ ስለጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ሜሮን መብራህቱ ገብረሚካኤል ተኸሰስቲ ወረ/ነፍ የማነ ወልደሚካኤል፡ 1. ደበሳይ የማነ 2. ሙሴ የማነ 3. ሰናይ የማነ 4. ሮቤል የማነ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪብልኩም ስለዘሎ፡ መከላኸሊ መልሲ ሒዝኩም ን26/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቀረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ግን ንስኹም ኣብ ዘይብሉ ተራእዩ ክውሰን ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ኑዕማን ሳልሕ ሰዒድ ተጸዋዒ ኣቶ እድሪስ ብርሃን ኢማን ናይ ውክልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ መከላኸሊ መልሲ ሒዝኩም ን26/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ግን ንስኻ ኣብ ዘይብሉ ተራእዩ ክውሰን ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ይግባይ በሃሊ ወራ/ነፍ ተኸስተ ገ/ኪዳን ብኢዱ ኣቶ ክብሮም ተኸስተ ገ/ኪዳን መልሲ ወሃብቲ ኣቶ ዘካርያስ ጴጥሮስ በራኺ+10 ዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ካብ መልሲ ወሃብቲ 1. ወራ/ነፍ ደሃብ ገ/ኪዳን ወ/ሮ ኣዳነሽ ገብሩ 2. ወራ/ነፍ ተወልደ ገብሩ ወ/ሮ ሚሮን ተወልደ ገብሩ 3. ወራ/ነፍ ተኸስተ ገብረኪዳን ብኢዱ 3.1 ወ/ሮ ሙሉ ተኸስተ 3.2 ኣቶ ኣሰፋው ተኸስተ 3.3 ወ/ሮ ምሕረት ተኸስተ 3.4 ኣቶ ብኢዱ ተኸስተ ኣድራሽኦም ስለዘይተፈልጠ ብኣካል ወይ ብወኪል ን25/6/19 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.29 ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ግን ንሳቶም ኣብ ዘይብሉ ጉዳዮም ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ንፍ/ሰ/መሰልን ብፍ/ሰ/ዕዳን ብዘሎ ናይ ኣፈጻጽም ክርክር ብፍ/ሰ/ዕዳ 1.ኣቶ ጎይትኦም ሰለሙን 2. ወ/ሮ ኣለም ሰለሙን 3. ወ/ሮ ኣስካሉ ሰለሙን 4. ወ/ሮ ናጽነት ሰለሙን 5. ኣቶ ነጋሲ ሰለሙን 6. ኣቶ ተስፉ ሰለሙን ን27/6/19 ኣብ ላዕለዋይ ቤ/ፍ ቁ.27 ቅረቡ እንተዘይቀሪብኩም ግን ንስኹም ኣብዘይብሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኤልሳቤጥ ገብረእግዚኣብሄር ጸጉ ምባል ተሪፉ፡ ቤትኤል ገብረእግዚኣብሄር ጸጉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/7/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቁ.52 ይቕረብ።

ትርሓስ ምላሽ፡ ስም ኣቦይ ኣስመላሽ ኣብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ምላሽ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣድያም ግርማይ ዑቕባሚካኤል፡ ስም ኣደይ ፍቓዱ በይን ብርሃነ ምባል ተሪፉ፡ ፍቓር በይን ብርሃነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/19 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲ ኣቶ ዓንዳይ ኣብርሃምን ተኸሳሲ ሎንደን ኣፍሪቃ ኤርትራ ካምፓኒ (ትካል ዕደና) ዘሎ ናይ ስቪል ክርክር ጉዳይ ስም ዋንነት ምትሕልላፍ፡ ተኸሳሲ ብኣድራሽኡ ክርከብ ስለዘይተኻእለ ተጸዊዑ ን2/7/19 ኣብ ላዕለዋይ ቤ/ፍ ቁ.40 ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ጉዳዩ ንሱ ኣብ ዘይብሉ ክርአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣርባዕተ ኣስመራ

ወ/ሮ ሊያ ገብረእየሱስ ተስፋማርያም በዓል-ቤተይ ኣቶ ክፍላይ የዕብዮ ስለዝሞተ፡ 7 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ት ሳሌም በረኸት ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣቦና በረኸት ገብረእግዚኣብሄር ዘርአ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣኸርያ

ኣቕላስያ መብራህቱ ተድላ፡ ኣደና ዛፉ ፍስሓ ገብሩ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ኣቶ ተስፋይ ዘርኦም ተስፋ፡ ኣሕዋተይ ትምኒት ዘርኦምን ጎዕይ ዘርኦምን ስለዝሞታ፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሰምበልን ጎዳይፍን

ኣቶ ብእምነት ገብረእግዚኣብሄር ተኪአ፡ ኣደይ ዛይድ ኣስመሮም ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ብርሃነ ገብረማርያም፡ ወለድና ገብረማርያም ገብረትንሳኤ ኪዳነን ለተሃይማኖት ገብረገርግሽ ድራርን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቅረብ።

ወ/ሮ ለተሚካኤል ተኸስተ ወልደሰላሴ፡ በዓል-ቤተይ ኣበድ ኣርኣያ ተስፋሚካኤል ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዑቕባማርያም ክፍሉ፡ በዓል-ቤተይ ምስግና ደበሳይ ገብረስላሴ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ኣበይቶ

ወ/ሮ ሙዚት ታደለ፡ በዓል-ቤተይ ገዛኢ ታደሰ በየነ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሕምብርቲ

ወ/ሮ ለተንስኤ ገብረሃንስ ዑቕባገርግሽ፡ ኣቦይ ገብረሃንስ ዑቕባገርግሽ ሰባህቱ ስለዝሞተ፡ 4 ደቂ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

እዮብ ሓምድ መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ ዑስማን ሓምድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/6/19 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኮማዊ ቤት ፍርዲ ሓሊብ መንተል

ወ/ሮ እዝግሃርያ ገብረስላሰ፡ በዓል-ቤተይ ኣወድ መሻብር ጋብር ስለዝሞተ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስን ዘይንቀሳቐስን ንብረት ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/7/19 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

REQUEST FOR EXPRESSIONS OF INTEREST (CONSULTING SERVICES – INDIVIDUAL CONSULTANT SELECTION)

Country: Eritrea
Name of Project: National Agricultural Project (NAP/IFAD)
Grant No.: ___*DSF-8107-ER*
Assignment Title: Technical study on the Quality management Systems and Strategic plan of the NAPHL
Reference No. __C4/131________________

The State of Eritrea Ministry of Agriculture has received financing from IFAD toward the cost of the National Agricultural Project and intends to apply part of the proceeds for the recruitment of Consulting Services provided by an Individual Consultant to study and prepare guidelines on quality management systems and strategic plan of National Animal and Plant Health Laboratory (NAPHL).

The consulting services include Assess and review the current situation of the NAPHL including regulatory framework, laboratory policy, organization of the laboratory system etc. Assess and review the newly being established vaccine production and quality control laboratory, its feasibility, financial sustainability and produce tangible strategic plan and Develop/adopt and submit quality manual and SOPs for the NAPHL, according to the ISO 17025 standards guidance,

The Procurement and Supply Management Division now invites eligible Individual Consultants to indicate their interest in providing the Services. Interested Consultants should provide information demonstrating that they have the required qualifications and relevant experience to perform the Services. The short listing criteria are:

1. General Information to the related assignment 20%,
2. Qualification of the consultant 40% and,
3. Experience to perform the service 40%.

The consultant should have

- Certificate of qualification (MSc/PhD) on diagnostic, veterinary vaccine or related field of specialization obtained from reliable institution.
- More than 6 years works experience in similar area.
- Experience in drafting such legal status and laws.
- Personal / company profile stating relevant achievement.
- Previous experience, achievement and engagement made on similar tasks.
- Excellent command (both written and spoken) of the English language.

The attention of interested Consultants is drawn to IFAD's policy on conflict of interest situations that must be avoided as described in IFAD' Project Procurement Guidelines – September 2010.

A Consultant will be selected in accordance with the QCBS method set out in IFAD' Project Procurement Guidelines – September 2010.
Further information can be obtained at the address below during office hours Monday through Friday 07:00-12:00 and 14:00-18:00 Asmara local time.
Expressions of interest in the form of Curriculum Vitae (CV) must be delivered in a written form to the address below (in person, or by mail, or by fax, or by e-mail) by 02/07/2019.

Ministry of Agriculture Procurement and supplies Management Unit (PSMU)
P.O.BOX 1048, Tel: 00291-1-189266/00291-1-180699 Fax: 00291-1-181415
E-mail:sinadostesfay@gmail.com/yosiefberhe7@gmail.com
Asmara, Eritrea

CHINESE COURSES TO THE PUBLIC

Welcome to Confucius Institute at NHERI for Chinese language and culture courses in Summer Semester from Jun. 15th- Aug,18th, 2019.

Chinese Language Courses Schedule(100NKF for Handout Only)			
Serial NO.	Levels	Classes	Time
1	Level 1	Class 1	Tuesday & Thursday 10:00 am-12:00 am
		Class 2	Saturday & Sunday 8:00 am-10:00 am
2	Level 2	Class 1	Tuesday & Thursday 6:00 pm-8:00 pm
		Class 2	Saturday & Sunday 10:00 am-12:00 am
3	HSK III Training(Chinese Proficiency Test III)		Saturday 10:00 am-12:00 am

Chinese Culture Courses, including Taiji, Kongfu, Calligraphy, Chinese Dance, Chinese Song will be given every Tuesday, Wednesday, Saturday mornings (no Payment). For more information, please come to CI office on working days.

Registration:
Date: Jun. 9th-11th, 2019
Time: 9:00 AM -11:30 AM, 2:30 PM -5:00 PM
Venue: Room 315 (CI Office), NHERI Building, Asmara University
Tel: 163581 or 162242

ምልክታ

ዮውሃንስ ገብረትንሳኤ ዘገርግሽ ዝተባሃልኩ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑ.ምስክር ወረቐት 123400 መወከሲ ቁጽሪ 136278/79 ዝተመዝገበ ኦርጂናል ናይ ገዛይ ሰነድ ዋንነት ስለዝጠፍኣኒ ረኺበዮ ወይ ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07230412 ክሕብረኒ እንተዘይኮይኑ መተካእታኡ ክውሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እገልጽ።

ኣቶ ዮውሃንስ ገብረትንሳኤ ዘገርግሽ

ምልክታ

ወ/ሮ ሰላማዊት የማነ በርሀ ካብ ወላዲት ኣደይ ወ/ሮ መድህን ጸጋይ ወደየውሃንስ ብውህብቶ ዝሃበትኒ ኣብ ኣስመራ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገጀረት ዞባ 3 ምም/08 ናይ ቅድም ጎደና "ደ" ናይ ሕጂ መጸውዒ ጎደና "ዔጋ" ቁ/ገዛ.33 ዝርከብ ኣብ 96.30 ት/ሜ ዝሰፍሓቱ ቦታ ቀንዲ ክፍልታት 1 ክፍሊ ገዛ ተሓጋዚ ክፍልታት 3 ዝተሰርሓሉ ብካንቸሎ ካብ ኮሚሽን ምጽራይ ኣባይቲ ኣስመራ ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 119441 መወከሲ ቁጽሪ 137632 ብስማ ተመዝጊቡ ዝወጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ሰሩሕ ገዛ ካብ ስማ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ናቶሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰላማዊት የማነ በርሀ

ምልክታ

ኣብ መንጎ ኣካራያይ ሳሙኤል ብርሃነ ገብረትንሳኤን ተኻራያይ ሳምሶን ኣሕፈሮምን ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00039353 ኣብ ዞባ ማእከል ከባቢ ጸጸራት ጎደና ደብረ ሳላ ቁ.ገዛ 14 ናይ ባርን ቢልያርዶን ንግዳዊ ንጥፈት ካብ ዕለት 30/04/2019 ጀሚሩ ከም ዝተቓረጸ እናሓበርና ዝቃወም ኣካል ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ናብ ዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ክቛረጽ ምዃኑ ነፍልጥ።

ጨ/ቤ/ጽ/ንግድን ምዝገባን

ኢንዱስትሪ ዓለባ ኤርትራ ሓ.ዝ.ብ.ት
ዓቢ ምጉዳል ዋጋ

ብምኽንያት በዓል ዒድ ኣልፈጥር ካብ ዕለት 01/06/2019 ክሳብ 30/06/2019 ዝጸንሕ ኣብ ኩሎም ፍርያትና ክሳብ 45% ዝበጽሕ ዓቢ ምጉዳል ዋጋ ከምዝገበርና ነበስር!

<u>ፍርያትና እንሸጠሉ ቦታ፡</u>

ኣብ ኣስመራ፦ ኣብ ድኳን ትካል ጎደና ተጋደልቲ ፊት እንዳ ኖራ
ኣብ መንደፈራ፦ ሩት ቡቲክ ጥቓ ጁራ ፍዮሪ
ኣብ ደቀምሓረ፦ ፎዝያ ቡቲክ ጥቃ ዕዳጋ

ብተወሳኺ ንኩሉ ክልል ዕድመን ጾታን ዘገልግል ሓደስቲ ፍርያት ካናቴራ፣ናይ ቆልዑ ስረ፣ ካምቻ ቀሪብናልኩም ኣለና!!
ሃየ ዝዕድል ተጠቐምሉ! ብዓይነት ፍርያትና፥ ምቝሉል ኣገልግሎትናን ርትዓዊ ዋጋን ክትዓግቡ ኢኹም!

ቁ.ተሌፎን- 182967/186405 ኣስመራ

Notice

Notice is hereby given to the public that Allied PLC on its meeting held on 24 of Feb. 2019 have resolved the follows: Since w/rit Woini Simon Wolay sold her shares of Nak. 300 To w/ro Lemlem Mengs Tewolde the Memorandum & Articles of Associate is accordingly amended to read as follows.

Names of share holders	Share	Value
1. Ato Temesgen Simon Wolay	6	600,000.00
2. W/ro Lemlem Mengs Tewolde	3	300,000.00
	9	900,000.00

Allied PLC

ሃይለ ዳኒኤል

ፈረንሳ - ብህቦብላዊ ማዕበል ተጠቒዓ

ሚገዌል ተባሂሉ ዝተሰምየ ማዕበል ንምዕራባዊ ገማግም ባሕሪ ፈረንሳ ከጥቅዕ ምጅማሩ ተሓቢሩ።

እቲ ክሳብ 130 ኪሎሜተር ኣብ ሰዓት ዝሕንበብ ህቡብላዊ ንፋስ፡ ድሮ ሓንቲ ንእሽቶይ ናይ ህይወት ኣድሕን ጃልባ ብምግምጣሉ ሰለስተ ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ህይወቶም ምስኣናም ተፈሊጡ ኣሎ። እቲ ህቡብላዊ ማዕበል ቅድሚ ንገማግም ባሕሪ ፈረንሳ ምጥቃዑ፡ 147 ኪሎሜተር ኣብ ሰዓት ሕፃግ ብዘለዎ ህቡብላዊ ንፋስ ኣቢሉ፡ ነታ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል እስጳኛ እትርከብ በይ ኦፍ በስከይ ከም ዘጥቀዐ እዩ ዝገለጸ።

ተኸታተልቲ ሙቲዮሮሎጂ ከም ዝሕብሩዎ፡ ኣብ መጀመርያ ወርሓት ናይ ክረምቲ ከምዚ ዝዓይነቱ ህቡብላዊ ማዕበላት ኣብ’ቲ ከባቢታት ክረኣይ ንቡር ከም ዘይኮነ እዩ። ኣብ ፈረንሳ ዝርከብ ትካላት ህይወት ኣድሕን ኣብ ተዳሎ ክጸንሓ ተኣዚዘን ምህላወን እውን ተፈሊጡ ኣሎ። ብሰንኪ’ዚ ማዕበላት፡ ብዙሓት ህዝባዊ ኣገልግሎታት ደው ምባሎም እውን ብተወሳኺ ይሕበር።

እቲ ማዕበል፡ በዚ ዘለዎ ሓይሊ ናብ ሰሜን ገጹ ክሳብ ገለ ክፋላት ሆላንድ ክበጽሕ ከም ዝኽእል ክኢላታት ሙቲዮሮሎጂ ኣጠንቂቆም ኣለው።

ተወሳኺ. . . .

ወይዘሮት በንትሊ. ኢያ እትብሃል። እዛ ኣብ ከተማ የርሻየር እትቕመጥ ጓል 41 ሰበይቲ፡ ንጉረባብታ ብምርባሽ ከም እትፍለጥ እዩ ዝነገር። ንሳ ቅድሚ ሰለስተ ኣዋርሕ ካብ’ቲ ኣቐዲማ ተኻርያ ክትቕመጠሉ ዝጸንሐት ገዛ ብቤት ፍርዲ ከም ትወጽእ ተገይሩ ነይሩ። ንሳ ኣብቲ ገዛ ብዘስዓቦቶ ዕንወት 25 ሽሕ ፓውንድ ክትከፍል ከም ዝተወሰነላ እውን ይሕበር።

ወይዘሮት በንትሊ፡ ካብ ጌጋኣ “ተኣሪመ’የ” ብምባል፡ ኣብ ካልእ ቦታ ገዛ ተኻረየት። እንተኾነ ኣብ ውሽጢ’ዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ፡ ኣብ’ቲ ገዛ ዝተኻረየትሉ ጉደና ዝነብሩ ሰድራቤታት፡ ገሊኦም ካልእ ዝኻረ ገዛ ክረኽቡ እንከለው፡ ካልኦት ድማ ገዛውቶም ብምሻጥ በብሓደ ካብ’ቲ ከባቢ ናብ ካልእ ምግዓዞም እዩ ዝነገር።

ነበርቲ’ቲ ከባቢ ከም ዝሕብሩዎ፡ ካብ ገዛ ወይዘሮት በንትሊ. ምሸት ምሸት ብርቱዕ መዚቓ፡ ዋዕዋዕን ጭድራን ከም ዝወጽእን ብጠዘሊ. ሰዓት ናብ’ቲ ገዛ ኣብ ግዜ ለይቲ ከም ዝመላለሱን እዩ። ብሰንኪ’ዚ ድማ ዝጠዘሉ ሰድራቤታት ልዋም ድቃስ ለይቲ ብምስኣናም ኣብ ዕለታዊ ናብራኦም ጸገም ይፈጥረሎም ምህላዉ ይገልጹ።

© Hull Live/MEN Media

ወይዘሮት በንትሊ፡ ዋና ገዝኣ ነበር ገዛኡ ጉዳፋትሉ ክትወጽእ ንቤት ፍርዲ ጥርዓን ድሕሪ ምቕራቡ፡ ንሳ እቲ ለይቲ ዚጋጥም ዋዕዋዕ፡ ዋና ገዛ ነቲ ንሳ እትኣብረሉ ገዛ መፍትሕ ስለ ዘይህበረሉ፡ ናብኣ መጺኦም ብዘርብሹዋን ዘጥርጡዋን ሓለፍቲ መንገዲ ዝተፈጥረ ምኻኑ እያ ኣብ ዝሃበቶ ቃል ገሊጻ።

ብሪጣንያ - ተሬዛ መይ ካብ ስልጣና ወሪዳ

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኰይና ንዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ከተገልግል ዝጸንሐት ተሬዛ መይ፡ ትማሊ. ዓርቢ. ብወግዒ ካብ ስልጣና ከም ዝወረደት ተፈሊጡ።

ንሳ ብፍቓዳ ካብ ስልጣና ክትለቅቕ ምኽንያት ቅድሚ ክልተ ሰሙን ኣፍሊጣ ምንባራ ይዝከር። ኣብ’ቲ ሽዑ እዋን ኣብ ዘውጽኣቶ መግለጺ፡ ነቲ ብ‘ብሬክዚት’ ዝፍለጥ መስርሕ ምውጻእ ብሪጣንያ ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ መፈጸምታኡ ከተብጽሖ ብዘይምኽኣላ ጣዕሳ ከም ዝስምዓ እያ ተዛሪባ። እንተኾነ ከም ቀዳማይ ሚኒስተርን መራሒ. ዓቃባዊ ሰልፊን ኰይና ንዝትክእ ሰብ ክሳብ ዝምረጽ፡ ኣብ ስልጣን ክትጸንሕ ምኻና ተገሊጹ ነይሩ። ንቦታ ናይ’ታ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ንምትካእ፡ 11 ኣባላት ባይቶ ይወዳደሩ ምህላዎም ዝገለጸ ዘሎ ኩይኑ፡ ካብ’ዚኣቶም ዕወት ኩይኑ ዝወጽእ፡ ኣብ መፋርቕ ወርሒ. ሓምለ ክፍለጥ እዩ። ክሳብ’ዚ. ብዋዕላ ዝፍጸም ድማ መይ ከም ግዚያዊት መራሒት ብምኻን ክትጸንሕ እያ።

ተሬዛ መይ፡ ኣብ ስልጣን ኣብ ዝጸንሓትሉን ዓመታት ዝጠዘሐ ካብ ዝፈጸመቶም ስራሓት፡ ምስ ብሬክዚት ዝተሓሓዘ ምንባሩ እዩ ዝነገር። እንተኾነ ኣብ ውሽጢ. እቲ ንሳ እትመርሖ ሰልፊ ብዘተፈጠረ ዘይምርድዳእ፡ እቲ ንሳ ኣብ’ቲ ጉዳይ ምስ ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝበደሖቶ ማሰማምዒ፡ ብባይቶ ብሪጣንያ ክጸድቕ ኣይከኣለን።

ብሪጣንያ፡ ኣብ 29 መጋቢት ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ክትወጽእ እኳ ተወሰኑ እንተነበረ፡ መጀመርያ ናብ 12 ሚያዝያ፡ ቀጺሉ ድማ ናብ 31 ጥቅምቲ ክናዋሕ ከምዝተገብረ ኣይርሳዕን።

ገለ ገለ ተንተንቲ ከም ዝሕብሩዎ፡ ንተሬዛ መይ ብምትካእ ቀዳማይ ሚኒስተር ዝኸውን/እትኸውን ነቲ ንሳ ኣብ ብሬክዚት ክትትከሎ ዝጸንሐት ፖሊሲ. ብጠቕላላ ዘፍርሶን ንብሪጣንያ ድማ ብዘይዝኾነ ስምምዕ ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ክትፋኖ ንኽትወጽእ ዝሰርሕን ክኸውን ተኽእሎ ከምዝሎ እዮም ዝገልጹ።

ዱበይ፡ ህይወት ሰባት ዝወሰደ ሓደጋ ኣውቶቡስ ኣጋጢሙ

ኣብ ዱብይ፡ ሓንቲ ተሳፈርቲ ጸዒና ትጓዓዝ ዝነበረት ኣውቶብስ፡ ምስ ኣብ ላዕሊ. ዝተሰቐለ ዓቢ. ምልክት ጽርግያ ብምልጋዓ፡ 17 ሰባት ህይወቶም ክስእኑ እንከለው፡ ብርክት ዝበሉ ድማ ጉድኣት ከም ዝወረዶም ተሓቢሩ።

እታ ናይ ዮማን ሰሌዳ ቊጽሪ (ታርጋ) ዘለዋ ተሽከርካሪት፡ 31 ተጓዓዝቲ ጸዒና፡ ቡቲ ሸኽ መሓመድ ቢን ዛይድ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ጽርግያ እናሓለፈት እንከላ ሓደጋ ከም ዘጋጠማ ፖሊስ ከተማ ዱብይ ሓቢሩ።

ሰብ መዚ. ህንዲ ኣብ ዝሃቡዎ መግለጺ፡ ሸሞንተ ካብ’ቶም ህይወቶም ዝሰኣኑ ተሳፈርቲ፡ ዜጋታት ህንዲ ምኻኖም ኣፍሊጦም ኣለው።

ነታ ኣውቶብስ ዝመርሕ ዝነበረ ኣብ ሓምሳታት ዕድመ ዝርከብ ሰብኣይ ብዘጋጠሞ ፈኩስ ማህሰይቲ ኣብ ሆስፒታል ተዓቒቡ ከም ዘሎን ምኽንያት ሓደጋ’ታ ኣውቶብስ ንምንጻር ፖሊስ መርመራ ጀሚሩ ምህላዉን ተፈሊጡ ኣሎ።

ፖሊስ ዱብይ ብመንገዲ ማሕበራዊ መድያ ትዊተር ኣቢሉ ኣብ ዝዘርግሖ መልእኽቲ፡ ንስድራቤታት እቶም ቡቲ ሓደጋ ዝተሃሰዩ ተሳፈርቲ ጸንዓት ይሃብኩም ኢሉ።

ብዘዕባ’ቲ ሓደጋ ክሳብ ሕጂ ዝተዋህበ ወግዓዊ መግለጺ. እኳ እንተዘየሎ፡ መርከብ ሓበሬታ በበሲ. ንሓንቲ ማዕከን ዜና ናይ’ታ ከተማ ብምጥቃስ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ እታ ኣውቶብስ ንንውሓት ሓንቲ ተሽከርካሪት ዝኸልክል ምልክት ትራፊክ ንኽተሰሕት ሃንደበት ምስ ተጠወየት ኣብ ናሕሳ ከቢድ ሃሰያ ከም ዝሰዓበ እዩ። “ሓደ ሓደ ግዜ ብሰንኪ. ሸለልትነት ወይ ንእሽቶይ ጌጋ ናይ መራሕቲ ተሽከርከርቲ ከቢድ ጉድኣት ዘውርድ ሓደጋታት የጋጥም እዩ” ክብል ሓላፊ ፖሊስ ሜጀር ጀነራል ዓብዱላህ ኸሊፋ ኣል-ማሪ ተዛሪቡ።



ነታ ሓደጋ ዘጋጠማ ኣውቶብስ ዝውንን ኣብ ዮማን ዝመደበሩ ኩባንያ መጓዓዝያ ብወገኑ፡ ንግዳያት ጽንዓት ይሃብ ክብል እንከሎ፡ ክሳብ ዝኸውን ዝኸውን ድማ ካብ ከተማ ሙስቆት ናብ ዱብይ ክህቦ ዝጸንሐ ናይ መጓዓዝያ ኣገልግሎት ደው ከም ዘበሎ ሓቢሩ ኣሎ።

መራኽብ ኲናት ኣመሪካን ሩስያን ኣብ ምክሳስ

ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ሰላማዊ ውቅያኖስ፡ መራኽብ ኲናት ኣመሪካን ሩሲያን ንሓድሕደን ካብ ምጥጫው ንስክላ ከም ዝተረፋ ተሓቢሩ።

እታ ኣብ መንጎ መራኽብ ኲናት ‘ዩኤስኤስ ቻንስለርስቪል’ ኣብ ቅድሚት ብምኻን ንጭፍራ መራኽብ ሩሲያ ትመርሕ ዝነበረት ‘ኣድሚራል ቪኖግራዶቭ’ ብዝብል ስም እትጽዋዕ መርከብ ኲናት፡ ብኣስታት ሓምሳ ሜትሮ እያ ሰሊታታ ሓሊፋ። እንተኾነ እታ ናይ ሩሲያ መርከብ ህጹጽን ሃንደበታዊን ምንቅስቓሳት ብምግባር ምስ’ታ ናይ ኣመሪካ ናይ ውግእ መርከብ ካብ ምጥጫው ከም ዝደሓነት፡ ሰብ መዚ. ሩሲያ ንኣመሪካ ነቐፌታ ኣቕሪቦም ኣለው።

ብኣንጻር ናይ’ዚ፡ ኣመሪካ ብወገና እታ መርከብ ኲናት ሩሲያ “ዘይውሑስን ዘይሞያዊን” ኣገባብ ብምጥቃም ነታ መርከብ ኲናት ሰሊታታ ምሕላፋን እቲ ብሩሲያ ዝተዋህበ መግለጺ. ድማ “ፕሮፖጋንዳ” ምኻኑ ብምግላጽን ነጺጋቶ ኣላ።

ብዙሓት ተንተንቲ ይገልጹዎ ከም ዘለዉ፡ እቲ ብኽልቲአን ሃገራት ተዋሂቡ ዘሎ መግለጺታት ቅቡል ምኻኑ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ሩሲያን ብዘርእ ዘሎ ፖለቲካዊ ምፍሕፋሓት ዝመጽኣ ክኸውን ስለ ዝኽእል።

ተረኛ ፋርማሲ	ዕለት	ጎደና	ቁ.ስልኪ.
ፋርማሲ. ሰሸል	8/6/2019	ጎደና ናቕፋ ቁ33፡ ጥቃ እንዳ እልፋ	120601

ፋርማሲ. ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565